
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.89 | ዓርቢ 13 ታሕሳስ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ቀልጢፍካ ካብ ድቃስ ብምብርባርካ ትረክቦ ጥዕናዊ ረብሓታት



ገጽ 3
"ኣደይ'ያ ጸላዊት ገድላዊ ጠመተይ"



ገጽ 4
ንደቂ ኣንስትዮ ዝምስጡ ነገራት



ገጽ 5
ጸውጸዋያት መለኮታዊ ስርወ-ንግስነት. . .




ገጽ 7
ካፒሎ፡ ንጋርድዮላ ነቒፋ




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ሓለፍቲ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ዞ/ደ/ቀይሕ ባሕሪ ዘትዩ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 12 ታሕሳስ ኣብ ዓሰብ ምስ ሓለፍቲ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣብ ገስጋስ ዝተብገሶን ኣብ መሳርሒ ዝርከቡን መደባት ምዕባለ ልምዓት ዘትዩን ናይ ስራሕ መምርሒ ሂቡን።

እቲ ዞባ ዛጊት ዘይተበርበረ ሃብታም ጸጋታት ዘውንን ምዃኑ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ጸጋታት ባሕሪ ብሓፈሻ ሃብቲ ዓሳ ድማ ብፍላይ፡ ከጽዕ'ቲ ዞባ - ዘቤታዊ ጠለብ ንምምላእ ከኽእል ምእንቲ፡ ቀዳምነት ተዋሂቡ ክስራሓሉ ከምዝግባእ ሓቢሩ።

ዓሳታት ይኹን ካልእ ጸጋታት ባሕሪ ወቕታዊ ስለዝኾኑ፡ ብፍላይ ንዓሳ ዝምልከት ካብ ግዝኣት ክሱብ ሕዱር ኣብ ዘሎ ግዜ ኩሉ ዓቕሚታት ብምውፋር እኹል ምህርቲ ንምዅፋፍ ንኽከኣል፡ ብጥዒ ዝዕቀን ተጨባጢ መደብ ወትሩ ምሕንጻጽን ምውርጻጽን ስለዝድለ፡ ካብ ክፍላ 2025 ጀሚሩ ዝኸይድ ንጹር መደብ ክሰኣልን ንትግበረኡ ኩሉ ኣካል ብውህደት ክሰርሕን ዘሎ ጸጋታት ክዋፈርን ኣዘኻኺሩ።

ካብ ኢጋር ጊፍቲ ዓሳ ክሱብ ብየብይትን ንኣሹቱን ጀላቡ ተሓጊዞም ንዘለዎ ምትብባዕን ምድግጋፍን ኣብ ምምዕባል'ቲ ጽላት በቲ ሓደ፡ ኣብ ምዕባይ ምህርቲ ድማ በቲ ኻልእ ዝህልዎ ኣበርክቶ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ኣብ ምሕያል ዓቕሚ ጊፍቲ ዓሳ ዝያዳ ኣተኩሮ ክወሃቦ ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዘሎ ባህራዊ ሃብቲ ንወለዶታት ብዘርብሕ ዘላቒ መንገዲ ኣብ ረብሓ ክውዕል ከምዝግባእ ብምጥቃስ፡ ንኣገባብ ኣጠቓቕምኡ ዝምልከት መምርሒ ሂቡ።

# ኤርትራውያን ውዳበታት ኢጣልያ ንጥፈታተን ገምጊመን

ካብ 12 ከተማታት ዝመጽኡ ኣካየድቲ ኣካላት ኤርትራውያን ውዳበታት ኣብ ኢጣልያ፡ ብ7ን 8ን ታሕሳስ ኣብ ከተማ ቦሎኛ ኣብ ዘካየድዎ ኣኼባ ዝተሰላሰለ ንጥፈታት ብመገጸር ዝበረ ውዋን ገምጊሞም።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤል ኣብ ዘሰመየ መኽፈቲ ቃል፡ ሃገራዊ በዓላት፡ ዋዕላ መንእሰያት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ወሽጢ ሃገር ዝተቓንዐ ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ፌስቲቫል ቦሎኛ ዝርከቦ መደባት ስራሕ 2024፡ ብውዕውዕ ወኒ ከምዝተዓመ ገሊጹ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ኢጣልያ ኣቶ ፍሱሓጽዮን ጴጥሮስ ንህልው ኩነታት ሃገር፡ ዞባናን ኣህጉርናን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ፡ ከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት ዝጋጠመ ኩሉ ዓይነት ተጻብኦታት ብንቕሓትን ጽኑዕ ሓድነትን ዝመከትና፡ ኣብ'ዚ ሓድሽ መድረኽ'ውን መሳርዕና ኣስጢምና ንሃገራዊ ረብሓ እጃምና ከበርክት እዋኑ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣካየድቲ ውዳበታት ብወገኖም፡ ኣብ ትግባረ ዝወጸ ውጥን ስራሕ ንዝበረ ብልጫታትን ድኽመትን ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ 2025 ናይ ዝሰላሰል መደባት ንድፊ ኣቕሪቦም።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ ተኽለሰንበት ኢማም፡ ብዛዕባ ቈንስላዊ ኣገልግሎትን ካልእ ጉዳያትን መብርሂ ሂቡን ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረቡሉ ሕቶታት መሊሱን።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ውዳቦም ኣሐዩሎም ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ልምዓታውን መደባት ሃገሮም ብዝለዓለ ክዋስኡ፣ ንቕሓት መንእሰያት ብፍላይ ድማ ኣባላት ውዳበ መንእሰያት ህግደፍ ንምብራኽ ብዕቱብ ክሰርሑ፣ ከምኡ'ውን ውዳበታቶም ንምስፋሕን ንምሕያልን ክሰርሑ ዝሕግዝ ውሳኔታት ኣሕሊፎም።





ኣምባሳደር ፍሱሓጽዮን ጴጥሮስ ኣብ ዘሰመዮ መዕጸዊ ቃል፡ እቲ ብሃናጺ ዘተ ዝተኻየደ ገምጋም መርኣያ ሓያል ውዳብ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ምሕያል ህግደፍ እቲ ቀንድን ወሳኒን ሕርያና ስለዝኾነ፡ ተኻእቲ መንእሰያት ሕድሪን ሓላፍነትን ክስከሙ ቀጻሊ ምትብባዕ ከምዝድሊ ኣገንዚቡ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ቀልጢፍካ ካብ ድቃስ ብምብርባርካ ትረኽቦ ጥዕናዊ ረብሓታት

ዝኾነ ፍጡር ግድን እዩ ድቃስ ዘድልዮ። እቲ ንድቃስ ነሕልፎ ግዜ ዝያዳ ማጻቕቕሐ፣ምግባር ንኸንቱ ዝሓለኽ ግዜ ኣይኮነን።

መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ ድቃስ ምስ ጥዕናዊ ኩነታትና ሓያሎ ምትእስሳር ኣለዎ። ሓደ ሰብ ንነዊሕ ሰዓታት ከይደቀሰ ምስ ዝጸንሕ፣ ሕማማት ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ዝተዳኸመ እዩ ዝኸውን። ብዝተፈላለዩ ሕማማት ብቐሊሉ ይጥቃዕ።

ድቃስ ንዕበየት ዝተፈላለዩ ኣካላትና'ውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ህጻናት ልዕሊ ዓበይቲ ሰባት ብዙሕ ናይ ድቃስ ሰዓታት ዘድልዮም በዚ እዩ።

ድቃስ ልዕሊ ማንም ካልእ ኣካላትና ዝያዳ ንሓንጎል ከም ዘገድሶ ክኢላታት ይገልጹ። ኣብ እንድቅሰሉ እዋን፣ ሓንጎልና ኣገዳሲን ጠቓሚን ዝበሎ ሓበሬታ ይሰርዕን ይኽዝንን። ምስ ተበራበርና ተጓቲቱሕና ከነሰርሖ ድልዋት ንኸውን።

ድቃስ ምስኣን ሳዕቤኑ ካብ ዓይንኻ ዘይምኽዳን ሓሊፉ ኣብ ሓይሊ ሰብነት፣ ስምዒታዊ ኩነት፣ ኣፍራይነትን ካልእ መዳይ ጥዕናን ብዙሕ ሳዕቤን የኸትል። ሓደ ንስርዓት ድቃስ ብዘጸልወ ሕማማት ዝተጠቕዐ ሰብ ኣብ መዓልታዊ ስርሑ፣ ስርዓት ምትሕልላፍ ሓበሬታ፣ ኣተሓሳስባን ካልእ ክፋል ሰብነትን ዓቢ ሽግር ክፈጥረሉ ይኽእል።

ኣካላትና መዓስ ንደቅስ መዓስ ንበራበር ዝቆጻጸር ሰዓት ኣለዎ። እዚ ሰዓት'ዚ 'ቺርካድያን ሪትም' (circadian rhythm) ይበሃል። እዚ ሰዓት'ዚ ካብ ጸሓይ ብዝረኽቦ ብርሃን እዩ ዝሰርሕ። ምስ ዝጸልምት ንኽንደቅስ መልእኽቲ የመሓላልፈልና፣ ብርሃን ጸሓይ ክረኽብ እንከሎ ድማ ካብ ድቃስና ክንበራበር ከም ዘለና ይሕብረና። ስለዚ፣ እኹል ድቃስ ረኺብና ክንበራበር እንተኾይና ምስ መሰየ ቀልጢፍና ክንደቅስ ከም ዘለና እዩ ሰዓት ኣካላትና ዘመልክት።

ጸሓይ ከይበረቐ ካብ ድቃስ ምብርባርና ሓያሎ ጥዕናዊ ጥቕምታት እዩ ዘለዎ። ገለ ንምጥቃስ፦

ጽቡቕ ድቃስ ንኽትረክብ ይሕግዝ

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፣ ቀልጢፍም ጸሓይ ከይበረቐ ካብ ድቃሶም ዝቕሐቱ ሰባት ምስ መሰየ ቀልጢፍም ናብ ዓራት ስለ ዝኸዱ ነዊሕ ሰዓታት ክድቅሱ ዕድል ይረኽቡ። ጽቡቕ ድቃስ ዝረኸበ ሰብ ድማ ብዙሕ ጥዕናዊ ጥቕምታት እዩ ዘለዎ - ዝተመሓየሸ ኩነተ-ኣእምሮ (mood) ይህልዎ፣ ኣደህቦኡ ሓያል ይኸውን፣ ብምኽንያቱ ግዜ ሰብነትን ክጥቃዕ ዘለዎ ተኽእሎ ድማ ዝተሓተ እዩ። በንጻሩ፣ ጽቡቕ ድቃስ ዘይረኸበ ሰብ ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ዝተዳኸመ እዩ። ካብቲ እኹል ድቃስ ዝረኸበ ሰብ ብሕማም ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎኡ ዝዓበየ ማለት እዩ። ብኡ መንጽር፣ ብጀቕጢ ደም፣ ሕማማት ልብን ሽኮርን ክጥቃዕ ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

እኹል ጸዓት ክትረክብ ይሕግዝ

ድቃስ ዳርጋ መግቢ እዩ ክበሃል ስሚዕና ኣለና - ሓቂ እዩ። እኹል ድቃስ ምርካብ ምስ እኹል መኣዝዊ ጸዓት ምርካብ ከም ዝመዓራረ መጽናዕትታት የመልክቱ። እኹል ድቃስ ድማ ቀልጢፍና ናብ ዓራት ብምድያብ ቀልጢፍና ከይወገሐ ካብ ድቃስና ምብርባር ማለት ምኳኑ እዩም ክኢላታት ዘመልክቱ።

ጥዕና ዘለዎ ቆርበት ይህልወካ

ጽቡቕ ድቃስ ዘይረኸበ ሰብ ምልክታቱ ኣቐዲሙ ኣብ ቆርበት ሰብነቱ ከም ዝርአ እዮም ክኢላታት ዝገልጹ። እኹል ድቃስ ዘይረኸበ ሰብ፣ ደረቕ፣ ዝዓጠረን ፍሕሾውን ቆርበት ሰብነት ይህልዎ። ኣዒንቱ ንውሽጢ ይኣትዋ፣ ከቦሮ ዓይኑ ይኽድን።

በንጻሩ፣ ጽቡቕ ድቃስ ጥዕና ዘለዎ ቆርበት ክህልወካ ይሕግዝ፣ ኣብ ግዜ ድቃስ ዋህዮታት ቆርበት ዳግም ክሓረዩ'ዮም ዝጅምሩ። ኣብ ግዜ ድቃስ ዝፍጠር ተወሳኺ ዋሕዚ ደም ድማ ኑቶም ዋህዮታት ብዝዮዮኡ ክሓረዩ ስለ ዝሕግዞም ልሙጻን ጽሩያን ቆርበት ክህልወና ይሕግዝ።

ንቑርሲ እኹል ግዜ ትረክብ

ቀልጢፍካ ካብ ድቃስካ ምብርባር ብዝዮዮኡ ቀሪስካ ናብ ስራሕ ክትከይድ እኹል ግዜ ከም እትረክብ ኩላትና ንሰማምዓሉ ኢና። ብግቡእ ቀሪሱ ንስራሕ ዝወፈረ ሰብ፣ ዝተሃደሰን ፍሱህን ኣእምሮ እዩ ዝውንን። ዝያዳ ሓይሊ (energy) ስለ ዘለዎ ድማ ኣፍራዪ ይኸውን።



ኣደህቦኻ ምሉእ ክኸውን ይሕግዝ

ደቂስና ጸኒሕና ብቐጽበት ክንበራበር ከቢድ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ኣእምሮ ቀስ ብቐስ ስለ ዝቕሕ እዩ። ካብ ድቃስ ብቐጽበት ክንበራበር ምስ እንፍትን ርእስና ክንሓምም፣ ክሰልችወናን ኣደህቦ ክህልወና ክንጸግምን ንርኢ ኢና። እቲ ምኽንያት፣ ኣእምሮና ብዝዮዮኡ ከይተበራበረ ካብ ድቃስ ስለ ዝኸቃሕና እዩ። እኹል ሰዓታት ደቂስና ጸሓይ ከይበረቐ ምስ እንበራበር ግና ኣእምሮና ክቕሕ እኹል ግዜ ይረክብ። ብግቡእ ዝቕሐ ኣእምሮ ድማ ፍሱህ መዓልቲ ከም ዝውዕል ሓቂ እዩ።

ዝያዳ ነጥቢ ክተመዝግብ የኽእል

ኣብ ዩኒቨርስቲ ቴክሳስ (ኣመሪካ) ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጸረ፣ ቀልጢፎም ካብ ድቃስ ዝበራበሩ ተመሃሮ፣ ካብቶም ዝደንጎዩ ዝበለጸ ነጥቢ ኣመዝጊቦም።

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንምክያድ ግዜ ትረክብ

ካብ ድቃስ ብእዋኑ ምስ እትበራበር ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንምክያድ እኹል ግዜ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምክያድ ኣብ ሰብነትና ዝተኸዘ ዘይተቓጸለ ስብሒ (ኮሌስትሮል'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ) ንምጥፋእ ስለ ዝሕግዝ፣ ስሩዕ ክብደት ሰብነት ክህልወካ ይሕግዝ። ምኽንያቱ ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነትን ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕዱር ሕማማት ምኳኑ ኣይትዘንግዑ።

ብኸመይ ቀልጢፍካ ካብ ድቃስ ክትበራበር ትኽእል?

=> ኣብ ሰዓታት ድቃስካ ቀልጢፍካ ለውጢ ከተምጽእ ኣይትጸበ፣ ካብቲ ንቡር ካብ ድቃስ ትበራበረሉ ሰዓታት ኣብ 15 ወይ 30 ደቓይቕ ለውጥታት እናገበርካ ክትበራበር ፈትን።

=> ቀልጢፍካ ምእንቲ ክትበራበር ቀልጢፍካ ክትድቅስ ፈትን። ቀልጢፍካ እንተዘይደቂስካ ቀልጢፍካ ክትበራበር ጸገም እዩ። እንተተበራቢርካ'ውን እኹል ሰዓታት ድቃስ ስለ ዘይረኸብካ፣ ንጡፍ ኴንካ ክትውዕል ዘለካ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ። ኣስተብህል! ሓደ በጽሒ ኣብ መዓልቲ እንተውሓደ 7 ሰዓታት እኹል ድቃስ ክረክብ ኣለዎ።

=> መበራበሪ ደወል ሰዓት ተጠቐም። እታ ደወል ኣብ ጥቓኻ ክትግበራ ተመሪጹ ኣይኮነን። ምብርባር ስልችዩካ ከተጥፍኣ ስለ እትኽእል ካብ ጥቓኻ ከተርሕቓ ይምረጽ።

ምንጪ፦ mayoclinic

## ዜና

## ሰንዓፈ - ግዜኡ ዘብቅዐ ሃለኽቲ ዝተረኽበን ትካላት ተቐጺዐን

ኣሃዱ ምቁጽጻር ሕግን ስርዓትን ከተማ ሰንዓፈ ኣብ ትካላት ንግዲ ብዘካየዶ ናይ ምቁጽጻር ስራሕ፣ ንመሸጣ ተቐሪቡ ዝጸንሐ ናይ ተጠቃምነት ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ መመላኽዕን ዝተረኽበን ተቐጺዖን።

እቲ ካብ መፋርቕ ወርሒ ጥቅምቲ 2024 ጀሚሩ ኣብ ትካላት ንግዲ ዝተታሕዘ ድኹዒ፣ ጸባ፣ ሳልሳ፣ ሳሙና፣ ዘይቲ ርእሲ፣ መመላኽዒ ደቀኣንስትዮን ካልእን ዘጠቓልል ንብረት ድማ ተቓጺሉ።

ናይ ተጠቃምነት ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ ምሓዝን ምሻጥን ብሕጊ ክልኩል ምዃኑ ዝሓበረ ሓላፊ ናይ'ቲ ኣሃዱ ኣቶ ሃብቶም በየነ፣ ነቲ ሃለኽቲ ሒዘን ዝተረኽባ ንግዳዊ ትካላት፣ ምስ ከቢድ መጠንቀቕታ ብገንዘብ ከም እተቐጽዓ ሓቢሩ።

ወነንቲ ትካላት ንግዲ ሳዕቤናቱ ተገንዚቦም፣ ኣብ ንጥፈታቶም ጥንቃቐ ክገብሩ ዘዘኻኸረ ኣቶ ሃብቶም፣ ተገልገልቲ'ውን ሃለኽቲ ነገራትን ኣፋውስን ክዕድጉ ከለዉ ናይ ኣገልግሎት ግዜኡ ከረጋግጹ፣ ግዜኡ ዝወደቐ ነገራት ምስ ዘጋጥሞም ድማ ብቐልጡፍ ንዝምልከቶ ኣካል ክሕብሩ ተላብዩ።

ኣባል ህዝባዊ ጥዕና መንእሰይ ሚሮን ጼጋይ ብወገኑ፣ ግዜኡ ዝሓለፈ ሃለኽቲ መግቢ ክሳብ ሞት ዘብጽሕ ሳዕቤናት ስለዘለዎ፣ ብወገን ነጋዶን ተገልገልትን ዕቱብ ጥንቃቐ ክግበር ኣዘኻኺሩ።

## ዓንሰባ - ምህርቲ ጸባ ንምዕባይ ዝሕግዝ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፣ መግቢ እንስሳ ብምስሳን ምህርቲ ጸባ ንምዕባይ ዝሕግዝ፣ ብምኽንያት መዓልቲ ሓረስቶት ዝተወደበ ስልጠና፣ ብ10 ታሕሳስ ኣብ ሓመልማሎ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ብምውህሃድ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ዓንሰባን ፕሮጀክት ወሀድ ሕርሻዊ ልምዓትን ዝተወደበ ስልጠና፣ ካብ ከረን፣ ዒላበርዕድን ሓመልማሎን ዝተዋጽኡ፣ ኣብ ልምዓት መግቢ እንስሳን ጸባን ዝተዋፈሩ 50 ሓረስቶትን ክኢላታት ሕርሻን ተሳቲፎም።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓላፊ ልምዓት ጸባን ስጋን ኣቶ ጼጋዝኣብ እምባየ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፣ ሓረስቶት ከልምዕዎ ዝጸንሑ መግቢ እንስሳ ወሰኑን ምኽንያት ብምጥቃስ፣ እቲ ስልጠና - ኣብ ሱጥር ተፈቲኑ ጽቡቕ ወጽኢት ንዘዘረኸቦ ልሙዕ መግቢ እንስሳን ጥቕምታቱን ምስ ሓረስቶት ንምልላይ ዝዓለመ ከም ዝነበሩ ኣፍሊጡ።

እንስሳታት ዝተፈላለየ መኣዝዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ምስ ዝረኽባ ልዑል ምህርቲ ከም ዝህባ ብምሕባር፣ ብሰንኪ ሕጽረት ልሙዕ መግቢ እንስሳ ዝኸሰሮ ምጉዳል ምህርቲ ጸባ ንምቕላል፣ ብፕሮቲንን ጸዓትን ሃብታም ትሕዝቶ ዘለዎ 8 ዓይነታት ሳዕርን ጥረታትን ለሚዐ፣ ደሮ ዘርኢ ናይ ምብዛሕ ንጥፈታት ተጀሚሩ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ዕበየት መግቢ እንስሳ ዕበየት ምህርቲ ጸባ ከም ዘዘኽትል ጠቒሱ ድማ፣ እዚ ሓድሽ ልሙዕ መግቢ እንስሳ ዝወስኦ ናይ ጸባ ኩብቲ ዝያዳ እቶት ጸባ ከም ዝህባ ብምጥቃስ፣ ሓረስቶት ነቲ ሓድሽ ልሙድን መግቢ እንስሳ ኣወሃሂደም ክጥቀሙሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ስልጠና፣ ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ኣቶ ባህልቢ ሰለሞን ኣብ ዘስመዖ ቃል፣ ሓረስቶት ንጥፈታቶም ንኸማዕብሉ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝካየዶ ዘሎ ንጥፈታት ብምምጋስ፣ ሓረስቶት ንዝረኽብዎ ዘለዉ ዕድላት ብዝዮዮኡ ክጥቀሙሉ ጸዊዑ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ልዕሊ 400 ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ኩብቲ ከም ዘለዉ ይፍለጥ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## “ኣደይ’ያ ጸላዊት ገድላዊ ጠመተይ”

9ይ ክፋል

ሓበሬታ ንክቡር ኣንባቢ፥ 9ይ ክፋል ዓንቀጽ ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ ኣብ ዝሓለፈ ዓርቢ ክወጽእ ነይሩዎ። ግን፡ ብሰንኪ ሕጽረት ግዜ ናይ ኣዳላዊ ዓምዲ፡ ዛንታ ኣብ ግዜኡ ክቐርብ ብዘይ ምኽኣሉ ይቕሬታ እናሓተትና እንሆ ሎሚ ነቕርቦ።


ኣቐኒሑቶም ዘቐምጠላን ዝምገቡላን ናይ ትሕተ-ብይታ ጃብ ጀሚርና፡ እታ ሓይሊ ኸሉ ከኣታታ ህይወት ርሒቓዊ ከም ዝነበረ ተረኢያትና።

ሓንቲ ጓል ትርከቦም ሰለስተ ውግኣት ኣቦታ ናይ ትሕተ-ብይታ መዕቀቢ



ሕጂ፡ ኣብዚኣ ምእንቲ ጸቡቕ ክትርዳኣኒ፡ ኩነታት ናይታ ኣብ ከባቢ እንዳ ቦምባ ክትምክት ዝጸንሐትና'ሞ፡ ካብ ኢጋር ከበድ ብረትን ካልእን ተጻዊዕና ቦታኣ ንምዕቃብ ንኸዕዳ ዝበርና ሓይሊ ክገልጸልካ። እዛ ሓይሊ'ዚኣ ሓይሊ 12 እያ ትበሃል። ማለት ቀዳመይቲ ሓይሊ ካልኣይ ቦጦሎኒ ናይ ብርጌድ 81 እያ። ሓይሊ 12 ካብ ዜሮ ሰዓት መጥቃዕቲ ፈንቅል - ናብ 8 ለካቲት ካብ ዘውግሐ ለይቲ - ጀሚራ ከበድ ክሳራ ዝወረዳ ኣሃዱ እያ ነይራ። ኣብዛ ዕለት'ዚኣ ጥራይ ንመራሒ ሓይሊ ተጋዳላይ ወርጌሳ ዘጠቓለለ 13 ስውኣት ቀቢራ'ያ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ዝጸሓተት። ካብቶም ኣብ ሸሞንተ ለካቲት ዝተሰውኡ ሓንቲ፡ ተጋዳሊት ዑቕባ እያ። እዛ ሰብ'ዚ ናይ ሓምሸተ ወርሒ ጥንሲ ሒዛ ኸላ ብጅግንነት እናተዋግአት ተሰዊኣ። ኑብሱጾር ምንባሩ፡ ብዘይካ መዛምዳ ዝበረ ወዲኒማንደስ ካልእ ዝፈልጥ ሰብ ኣይነበረን። ንሱ ከትርፋ ምስ ፈተኑ፡ “ካብዚ መጥቃዕቲ'ዚኣ እንተ ኣትሪፍካኒ ርእሱ ቐትለት ክፍጽሞ'የ!” ምስ በሉዎ ሸለል ኢሉዎ። ኣብቲ ፈላሚ ውግእ ከኣ ጥይት ብኣፍልባ ኣትዩ ብሕቖኣ ወጺኡ። ሽዑ ካብኣ ዝፈሰሰ ደም ንብር ከም ዘይነበሮ እቲ ሽዑ ክሕክሞ ዝፈተነ ኢጋር ሓኪም መሓሪ ተወልደብርሃን ይገልጽ። ኑቲ ብዙሓ ደም ምስ ረኣየ ንባዕሉ ደንጺዎ። ደሓር ጥንሲ ምንባራ ምስ ፈለጠ ግን እቲ ደም እንተላይ ናይቲ ኣብ ማህጸና ዝበረ ዕሸል ምዃኑ ተረዲኡዎ።

ሓይሊ 12፡ ኣብዚ ዳሕረዋይ ካብ 31 መጋቢት ክሳብ 01 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ምርብራብ'ውን ካብቲ ኣብ ግዜ ሸሞንተ ለካቲት ዝኸፈለቶም ስውኣት ኣብሊታ ንላዕሊ መስዋእቲ ስለ ዝኸፈለት'ያ ንሕና ክንድረብ



ዝተጉብረ፡ ንኽንድረብ ናብቲ ዝበረቶ ደፋዕ ክንኣቱ ከለና፡ ኣብታ ናይ ምግዛብና

ጸሒሓምና። ሓንቲ ካብቶም ሰለስተ ጓል እያ ዝነበረት። ሃዋ ድማ ትበሃል። በረቑትኣ ስለ ዝተኸፍተ ሓኪምም እግራ ንላዕሊ ኣብሪኽምላ ረኺብዋ። ኣብዛ ግዜ'ዚኣ ጸላኢ ንዓና ክንኣቱ ስለ ዝረኣየና ቦምባ ሞርታር 81 ሰዲዱ ልክዕ ኣብ ልዕልና (ኣብ ዝበኸ'ታ ተዓቝብናላ ዘለና ኣንደር) ሃረሙ። ግን፡ ኑታ ቦምባ እቲ ዕንጨይቲ ተቐቢሉ ኣብ ላዕሊ ከም እትፍንጀር ስለ ዝገበረ፡ ኣብና ጉድኣት ከየውረደት ኣፍሽሊዋ። ድሕሪዚ፡ እቶም ምሳይ ዝኣተዉ ሰለስተ ብጾት፡ “እሞ ንሕና ኬድና ኣለና” ኢሎም ካብይ ንቕድሚት ቀጺሎም።

ኣነ ድሕሪኦም ተሪፈ፡ ኑታ ክፍሊ እንተረኣኹዋ፥ በዚ ወገኑ እቶም ሁሩማት ኣለዉ፤ በዚ ድማ በርበረ ዘለዎ ቀጢን ጾቡሒ ዝሓዘት ደስቲ ኣላ፡ እታ ደስቲ ማይ ኣብጅጎ ክዝርግም ምስ ሓደረ ድያ ምስቲ ደም ናይቶም ውግኣት ሓዋዊሳ ዝተበለለ ፈሳሲ ሒዛ? ወላ እንጀራ ክፍትፍቱ ጾቡሒ ምስ ቀረብላ'ያ ከምኡ ሕብሪ ሒዛ ምርዳእ ኣብዩኒ። ብዘወሳኺ፡ መሸማዕ ምልእቲ ቢ'ውን ከይተኸፍተት ኣብኡ ተጋዲማ ጸኒሓትኒ። ናይ ዕለት 29 እያ ክትክውን ትኽእል፣ ምኽንያቱ እቲ ኩነታት ውግእ ሽዑ ምስ ጀመረ ስለ ዘየቋረጸ ሓደሽ ቢ ክኣትምም ኣይክእልን'ዩ። ኣብቲ ሳልስቲ'ቲ ጉዳይ መግቢ ሰዓታቱ ኣይነበረን። ተጋዳላይ ደፋዓቱ ብጸላኢ ከይድፈር ኣብ ምትሕንኻቕዩ ቀጺሉ። ኣብ መወዳእታ ድማ ብዘይኻዞም ኣሰዒበ ኣብ ታሕቲ ዝገልጾም በጹቡዕ ዝፍቀዱ ኣባላት ናይታ ሓይሊ፡ ኩሉ ኣባል ሓይሊ 12 ብሰንኪ መውጋእትን መስዋእትን ኣብኡ ኣይጸንሑናን።

ኩነታት ናይታ ተጋዲማ ዝጸንሐትኒ ቢ መሸማዕ ከኣ ፍሉይ ነበረ፡ ጸማዲ ንኸትሕዛ

ብኽልተ ኣደይ ሓፍ እንተበልኩዋ ጀቐቐ! እናበለ ኣብ ወሽጣ ደም ከንጸብጽብ ምስ

ረኣኹዋ ብሓዘን ልበይ ተተኸከፈ። ኩሉ ውግእ ኣቦታ ናይ ትሕተ-ብይታ ጸቢብ ህድሞ ይወተፍ ስለ ዝነበረ፡ እታ መሸማዕ ብደሞም ተሓጺባ እያ። እታ ንኽምገቡላን ንብረት ከቐምጠላን ዝሰርሕዋ ጸቢብ ቦታ፡ ኣገልግሎታ ካብ መመገቢት ናብ መሰጋገሪት ውግኣት ተቐይራ እያ። ዘዘተሃርመ ውግእ ኣብኣ ወኒፍሞ ይጸንሑ'ሞ፡ ክሕከሙ ንድሕሪት ክልእኩዎም ከለዉ ደማ ካብኣ ኣኣውጺኦም እዮም ዝዮኹሶም። በዚ ምኽንያት፡ እታ ሓይሊ ከም ኣሃዱ ካብቲ ሰራዊትና ዝሃጥፎ ንብር ኣጕዚብ ፍጹም ርሒቓ፡ ብቶም ዘለዉዋ ኣባላት ትጋደል ከም ዘላ በርሃለይ።

ኑታ መሸማዕ ደም መሊኣ ምስ ረኸብኩዋ፡ ካብኡ ንደሓር ኣብኣ ደው ምባል ኣጸሊኡኒ። ኑታ ብጸይቲ፡ “ዋይ! ከይደ ኣለኹ ሃዋ፣ ዘውጽኡኺ ሰብ ክንሰደልኪ ኢና፡” ኢለያ። ንሳ'ውን “ሕራይ” ኢላትኒ። እቶም ክልተ ምስኣ ዝበሩ ውግኣት ግን ዘረባ ኣይሰማዕኩሎምን። ብዓል መን ምንባሮም ክሳብ ሕጂ ክፈልጦም ኣይክኣልኩን።

ናብ እንዳ ቦምባ ክኣቱ ከለኹ ካብ ካናለ ወጺኣ ብቓልዕ ክንቀሳቐስ ዝረኣዩኒ ብጾት፡ “ካናለ እተዊ!” እናበሉ ኣምሪሮም ተቛዩቖምኒ። ብፍላይ ሽረፎ - ጸገ ሃይለ ዝተባህለ ንፉዕ መድፍዓጂ ብሬን ደሓር መራሒ ማስርዕ ዝኾነ ኣብ ካልኣይ ወራር ወያነ ዝተሰውአ - “በጃኺ ብርኽቲ ሰብ ክንክስር ኣይንደልን ኢና! ብካናለ ኣብልኪ ምጽኢ።” ኢሉኒ። ኣነ ግን ብካናለ ንኸይገዓዝ ዝደረኸ ምኽንያት ነይሩኒ፣ እቶም ስውኣት ብጾት ክሳብ ብዓበእ ዝቐበሩ ኣብ ካናለ'ዩ ነይሩ መጽንሒኦም።

ቅድሚ ናብ ከበድ ብረት ምስሓብይ፡ ኣብ ሓይሊ 12 ስለ ዝበርኩ፡ ኑቶም ኣብቲ ኻናለ ዝበሩ ኩሎቶም ስውኣት ኣጸቢቐ እየ ዝፈልጦም። ንብጾል ምኪኤል፡ እያሱ … ተላገረ ክሓልፍ ኑብሰይ ኣይገበረለይን። ገለ ነጸላ ወዲቑዎም ገለ ከይወደቐም ስለ ዝረኣኹዎም፡ “ክላዋእ! ግደፊኒ ሽረፎ!” ኢለ፡ መራሒ ሓይሊ ሳልሕ መዓንጣ ናብ ዝበራ ቦታ ኣትየ ንምልክት ሓይሊ ኣብራሽ (ጓል ቀሺ) ረኺበ “መን'የም ዘለዉ ብቐድመና?” ኢለ ሓቲተያ። “ኣብዚኣ ኣሃን መራሒ ሓይልን ኣለና፣ በዚኣ ኸኣ ተወጊኣም ሕክምና በጺሖም ሕጂ ዝተመልሱ ብጾል ክሻጠጥ ኣለዉ'ምበር ሰብ'ኮ የለን” በለትኒ። እቲ ዝሃበትኒ መልሲ ‘ዝተረፈ ሰብ የለን’ ስለ ዘሞገትኒ እናተሰከፍኩ “ጽገረዳ'ኸ ኣላዶ?” በልክዋ። “ንሳስ ተወጊኣ ንሕክምና ወሪዳ ኣላ” ኢላ መልሲ ሃበትኒ። ጸገ ኣቐዲማ'ውን ተወጊኣ ስለ ዝበረት፡ ሕጂ ንኻልኣይ ግዜኣ ተወጊኣ ማለት እዩ።

ከምቲ ኣብራሽ ዝበለትኒ፡ እንዳ ቦምባን ከባብኣን ብሓደት ተጋደልቲ'ያ ክትሕሎ ጸኒሓትና። እታ ሓይሊ ዓቕሚ ሰብ ኣይነበራን። ወዲ ብርሃ፡ ሽረፎ፡ ምስ መራሒት ማስርዕ ኣረጋሽ ኣርኣያ - ሕጂ ተጣይሳ ዓዲ ዓኼሎ ከባቢ ዓዲኻላ ዘላ - ብሽኽ የማን ደፋዕ ሒዞም ነይሮም። ካብ እንዳ 22 ከኣ፡ ብጾል ተኸላይ ቀላቴ፡ ጓል መሰፍን ነይሮም። ሳልሰይቲ ሓይሊ ናይ ቦጦሎኒ-ክልተ ብርጌድ 13 እውን ብኸንደኣ፡ ጺጋም ካብ ሓይሊ 12 ድማ ብዓል ሓፋታ ሳልሳይ ቦጦሎኒ ነይሮም።

ሓይሊ 12 ብሳልሕ መዓንጣን ብወዲ ቀላትን እያ ትምርሓ ነይራ። ምስ ኣብራሽ ጓል ቀሺ ድሕሪ ምዝርራብ፡ ሓሊፈ ንሳልሕ መዓንጣ ምስ ረኸብኩዎ፡ “እንታይ ኴንኪ ደኣ ሳንጣ ዘይተማልኣኪ? (ናይ ቀዳማይ ረዲኤት ሳንጣ ማለቱ እዩ።) “ኣይተማልኣኩን፣ ኣነ ሕጂ ዕጥቂ ብረት ሒዘየ መጺአ፣ ክሕክም ኣይመጻእኩን” ኢለዮ። “በሊ ሰለስተ ሰብ ኣትዮም ስለ ዘለዉ ሓንሳብ ኣብዚ ጽንሒ” ከኣ በለኒ።

ኣብቲ ክንረድኦ ዝኣተናሉ ሰዓታት፡ እቲ ኸሉ ዝሓደረ ውግእ ጸጥ! ኢሉ ነይሩ። ቋሕ የለ ማሕ የለ ኣጽቅጥ! ሰዓት 14፡00 ኣቲና ከምኡ ኢላ ወዲላ ትዓርብ፡ ንሕና ቀንሪዘው ክንበልዕ፣ በቲ ትሕተና በዓቲ ቆሲለን ዝወደቓ ወተሃደራት ጸላኢ ክቐዝዘዎ፣ እተን ኣብ ደፋዕ ዘለዋ ውግኣተን ከውጽኣ ገልጠምጠም ክበላ፣ ኣብ ጊንዳዕ ጸዕቂ ምንቅስቓስ ተሸከርክርቲ ጸላኢ ኑቲ ኽቢ በጸበጹዎ ወዓሉ።

መራሒ ሓይሊ፡ “ዋርድያ ኣውጺእኩም ኣብ መዕቀቢ ጁብን ካናለን እተዉ፣ ብሽለልትኩ ሰብ ክንክስር ኣይንደልን ኢና” እናበለ ክላቦ ኣምስዩዋ። ሽዑ ተወጊኦም ናብ ሕክምና ዝኸዱ ብጾት፡ ቀሲሎም ከየሕወዩ ገለኦም ካብ እንዳ ቦጦሎኒ፡ ገለኦም ካብ ማይ ወዑይ (ሕክምና ክፍሊ ሰራዊት) ተመሊሶም መጺኦምና። ስውእ ኢጋር ሓኪም የማነ ቀሺ ገረማርያም (ክሻ ጠጥ) ሓደ ካብቶም ቀልጢፎም ናብ ደፋዓቶም ዝተመልሱ ተጋደልቲ እዩ። ኣብኣ ዝጸንሐና መሓመድ ለልን (ወዲሸዕቡ) ኣማኒኤል መጀለጥን እዮም። ካብዚ ንደሓር፡ ካብቶም ምሳይ ዝኣተዉ ኣባላት ከበድ ብረት ክልተ - ጅምዕን ሃብቱን ስውኣት ክቕብሩን ውግኣት ከውጽኡን ንድሕሪት ናብ ቦታኦም ተመልሱ። ኣነን መሓመድ ለልን ግን ኣብኣ ሓለዋ ደፋዕ ኴንና ተረፍና። ምስ መሓመድ እናተበራረና ንሓለዋ ክንኣቱ ኣምሲና። ኣብ ከምዚ ከለና ጸላኢ ሰዓት 20፡00 ብሞርታራት ክድብድበና ጀመረ። ቦምባታትና ቀሪብና ጠያይትና ኣብ ዓንቀር ብረት ኣሕሊፍና ተዳሊና እናተጸበና ከለና፡ ቦምባ ሞርታር ጸላኢ ኣብ ማእከልና ዓለበት።

ንመሓመድ ለል ከም ዘይነበረ ገይራ ረፍቲተቶ። ንዓይ፡ ብየማነይ ወገን ስለ ዝወደቐት የማናይ ጎድነይ ብምሉኡ ይውቃዕ። ካብ ርእሰይ ጀሚርካ ንምናተይ ብጉዳም ኣትዩ ወጺኡ፣ እንደገና ቾስት (ኣፍልቢ) ስለ ዝሃረመኒ ክሳብ ሕጂ ዘይወጽኣ ስኬጆ ኣሎኒ። የማናይ ጎድነይ ትሕቲ ትሹዀሽየይ ተኸፊቱ፡ እቶም ቀዳማይ ረዲኤት ዝገበሩለይ 'ውን ኑቲ ናይ ትሹዀሽየይ ማህረምቲ ኣይረኣዩዎን። ባዕለይ ከይሕብሮም ድማ ድሮ ሃለዋተይ ኣጥፊአ ነበርኩ።

እታ ዝሃረመትኒ፡ እታ ኣብ ርእሰይ ዝበረት ኣደራ ስውእቲ በናት ጣሃ ዝበለትኒ ማዘክርታ እያ ነይራ። በናት ጣሃ ኣብ ሕክምና ቦጦሎኒ ሓኪም ዝበረት ብጸይቲ እያ። ኣብ 17 መጋቢት 90 ኣቢላ ኣብ መንጎ ሰለስተ ሰብ ከላ ተመን ነኺሱዋ ዝተሰውኣት ተጋዳሊት። ዛ ኣደራ'ዚኣ ከም ህያብ ዝበለትኒ ኩይና፡ ኣብ ርእሰይ ኣሰሪያ ከለኹ፡ በቲ ኣብ መንጎና ዝዓለበ ቦምባ መኺኻ ብድሕሪት ርእሰይ ተጨበጣ ክንዲ ኩሳሶ ተሪፋ። እቲ ብቕድሚት ዝመኸኸ ክፋሉ ምስ ጸጕረይ ተላጊቡ ምፍልላይ ስለ ዘሸገረ፡ ኣብ ሕክምና ምስ በጽሕኩ ንጸጕረይ ብመቐስ እናቖረጹ ኣልየምለይ። ኣብ ኩሉ መዝበስበስተይን ጉዳይን ስኬጆ ኣሎኒ፡ እዞም ስኬጆታት'ዚኣቶም ክሳብ ሕጂ የሳቕያኒ እዮም። እዚ ኣእጋረይ ስለፊይ

ኩሉ ስኬጆ ተዘሪኣዎ ኣሎ። ኣብ ዶሳ መቐመጫይ መርፍእ ክውጋእ ከለኹ ከም ስርዓት ሓጨጭ ዝበል ድምጺ'ዩ ዘፍጥር። ቅድሚኣ ሓንቲ'ኸብ'የ ተወጊኣ ነይረ። ንጣር ናይ ደብዳብ ኣብዛ ርእሰይ ነይራትኒ። እቲ ካልኣይ ማህረምተይ ግን እቲ ቐንዲ ዝኸበደኒ እዩ። እዚ ናይ ቅድሚት ወገን ዳንጋይ ተኸፊቱ፡ ምስቲ ርጉደይ ክንዲ



ገለ ተጀለዐ ጀቡብ ይብል ነይሩ። ነዚ ሓኻኺሞም ኣቢታ ኣብ ወሽጢ ደፋዕ ዘላ ጁብ የእተዩኒ። እዚኣ እታ ደም ዝተሓጽበ ጣንን ውግኣትን ዝበሩዋ ቀዳመይቲ ዘይከኦትስ ኣብ ወሽጢ መታኸሲ ደፋዕ ዝበረት እያ። እታ ጁብ፡ ሽሊሕ ቅርጺ ዘለዋ ኩይና፡ ክትኣትዋ ከለኻ ውትፍ'ያ ትብለካ።

ኣብኣ ምስ ኣእተዉኒ በዚ ትሕቲ ጠብይ ናብ ትሹዀሽየይ ብዙሕ ከፉት መውጋእቲ ብርቱዕ ደም ከም ዝፈሰሰኒ ኣስተወዓልኩ። እቲ ማህረምቲ በቶም ረዲኤት ዝገበሩለይ ብጾት ስለ ዘይተራእየ ኣይሸፈኑዎን። ክስተንፍስ ከለኹ በዚ ሰር ጠብይ “ጸጽ ጸጽ” ዝብል ድምጺ ሰሚዐ። ደሓር ብጺጋማይ ኣደይ እንተፈተሽኩዎ ጋህ ኢሉ። ቤታ የማነይቲ ኣደይ ገይረ ኸኣ ጸቒጠ ዓቢሰያ። ብምናተይ ዓቢሰያ ነዊሕ ስለ ዝተገዓዘኩ፡ ምናተይን ትሹዀሽየይን ብደም ተጣቢቑ ምፍልላይ ኣበዩ'ሞ፡ ደሓር ኣብ ሕክምና ማይ ወዑይ ምስ በጻሕኩ ብዲቶልን ብሳላይንን ገይሮም ኣተርኪሶም ፈላልዮሞ።


ካብታ ብየገዚያውቶት ዝተዓቘብናላ ትሕተ-ባይታ ህድሞ ቅድሚ ምዋዛዝና፡ ኣለም ሓጎስ ንበሎ ወዲከረን ኣባል እንዳ 22 ተጉዲሙ መሊኡዋ ነበረ። ኣነ ናብኣቶም ምስ ተደረብኩዎም፡ ርእሰይ ኣብ ሰለፉ ተተርኣሰዮ ነበርኩ። እቲ ኣካላቱ ንኽስደይ ከዘሕለኒ ምስ ጀመረ ከኣ ከም ዝተሰውአ ተረዲኡኒ። ኣብ መጀመርታ መንከቱ ኣይፈለጥኩዎን ስለ ዝነበርኩ፡ ንኽረጋግጽ ጺጋመይቲ ኣደይ ሰዲደ ንኣለም ሃሰስ በልኩዎ። ቀጥማ ሰሪ ገይሩ፡ እታ ሓንቲ እግሩ ጋማባ ነበረት። እታ ኻልኣይቲ እግሩ ግን ጋማባ ኣይነበራን። ቀጥሉ ድማ ነዊሕ። ብሓሳበይ ካብቶም ዝፈልጦም ጉልቡታት ሓይሊ 12 ክዘክር ሃሰስ በልኩ። መድፍዓጂ ኣርፒጂ እያሱ'ዩ ነዊሕ። ግን ንሱ ኣብ ካናለ ተሰዊኡ ወዲቑ ርእየ እየ። ተገምጠለ ርእሱ እንተሓዘኩዎ ድማ ኩርዳድ። ኣብ መወዳእታ፡ እምበር ወዲ ከረን ናይ እንዳ 22 ክኸውን ኣለዎ ኢለ ገመትኩ። ኣብዚ ሰዓት'ዚ ድምጺ ተኹሲ ኣይነበረን። ወርሒ ቀሎ ክትመስል ተኹሊዓ ነይራ። ከባቢ ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ ኻኣ ሓደ ሰብ ደርፊ ኣምሓርኛ ክደርፍ ሰሚዐ። ሕልሚ ድዩ ብጋህዲ ምርዳእ ኣብዩኒ ኣእምሮይ ከሰቓቕሕ ተቓለስኩ።

ይቕጽል

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ንደቂ ኣንስትዮ ዝምስጡ ነገራት



ደቂ-ኣንስትዮ ብብዙሓት ነገራት እኳ ዝምሰጣ እንተኾና፡ ኣብ መብዛሕትኡ መጽናዕትታት ዝደጋገም ሓቂ ግን ኣሎ፡

• ጽባቐ፦ ጽባቐ ኩሉ ዝብህጎ እኳ እንተኾነ፡ ብፍሉይ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ እዩ ዝንጸባረቕ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ንእሰነት ግዱማዊ ጽባቐ ዕለታዊ ባህታን ስሕበትን ዝፈጥር ኩይኑ ኣብ ሃለኻይታ ኣውዳቒ ኣድናቖት ዘሕድረልና እዩ። ስለ ዝኾነ እዩ ገዚእ ርእሰን መዓልታዊ ብፍሉይ ክጽብብቓ ዝርኣያ። ደቃንስትዮ ዝመርጽኦ ወዲ ድማ ኣብ ኩሉ ነገራቱ ጽፉፍ ክኸውን ይመርጻ።

• ህብብነት፦ ሓደ ወዲ ተባዕታይ ህቡብ ምስ ዝኸውን ደቂ ኣንስትዮ ክምሰጣሉ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚ ይርአ እዩ። ብሓፈሻ ብትሕዝቶ፡ ሃብቲ፡ ብዘወሃበን ህያብት ብቐሊሉ ክምሰጣ ይኽእላ እየን።

• ወሳንነት፦ ካብ ትርጉማት ስብእት ሓደ ወዲ ምዃን እዩ። ሰብኣይ ክወሰነን ሓላፍነት ናይ ውሳኔኡ ክቕበልን ኣለዎ። ወዲ ተዋሳዊ እንተ ደኣ ኰይኑ፡ ንጓል ደስ ኣይብሎን እዩ። ኣብ ልዕሊኡ'ውን ቅሬታን ስግኣትን ተሕድር እያ።


• መራሒ ምዃን፦ ወዲተባዕታይ ብጓልኣንስተይቲ ከም ብቑዕ ክውሰድን ጸቡቕ ዝምድና ክህልዎን እንተ ደኣ ደልዩ መራሕነት ክርኢ ኣለዎ። መኣረምታ የድሊ'ዩ ዝበሎ ኩነታት ኣብ ዝርእየሉ እዋን ብመራሕነት ንምእራሙ ስጉምቲ ክወስድ ይግባእ። ደቂ-ሰብ ንዘበጠምም ሽግራት ንምፍታሕ ስጉምቲ ምስ ዝወስዱ'የም ኣድናቖት ዝረኽቡ። ሽግራቶም ካልኦት ሰባት ክፈትሕሉም ንዝደልዩ ሰባት ዘድንቖም የለን። ከይንቀፍ ፈሪሑ መሪሕ ተራ ካብ ምሓዝ ዝሃድም ወዲ ኸኣ ብጓል ኣንስተይቲ ተመራጺ ኣይኮነን። ንውሳኔኡን ኣተግባብራኡን ብቑራጽነት ዝጸዱ ክኸውን ኣለዎ።

• በሊሕን ፈላጥን፦ መብዛሕትኡ እዋን ደቂ-ተባዕትዮ ብዙሕ ዝፈልጥዎ'ዮም ክዛረቡ ዝደልዩ። ደቂ ኣንስትዮ ድማ ክሰምዓኦ ጽን ይብላ። ዕላል ፈውሲ ናይ መብዛሕተአን ደቂ ኣንስትዮ እዩ። ፍልጠት ዝመልኦ ዕላል እንተኾነ ድማ ዝበለጸ እዩ። ፍኹስ ዝበሉን ፍልጠት ዝተሓወሶምን ዕላላት ዝያዳ ካልእ ባህ ከም ዝብለን'ዩ ዝገልጻ።

• ጽንዕን ተረርን፦ ካብ ኣካላዊ ሓይሊ ዘለዎ ወዲ ተባዕታይ፡ እቲ ሕርቃኑ ክቶትእ ዝኽእል ሰብ ይብልጻ። ጓልኣንስተይቲ ካብ ብኣካላዊ ሓይሊ ንላዕሊ ኣብ ስምዒታቱ - ብፍላይ ሕርቃኑ - ክቆጻጸር ዝኽእል እዩ ዝያዳ ተድንቖ።

• ዘይዕበን ዘይስሰዐን፦ ካብ ሰሰዐን ትዕቢትን ናጻ ምዃን። ሰሰዐን ትዕቢትን እቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ምስ ዝርእያኦ ፈጺመን ዘይጸወርኦ ባህሪ እዩ። እዚ ባህሪ ምስ ጓል ኣብ እትዛራረበሉ ግዜ ብዙተኽእለ መጠን ክተውግዶ ፈትን። ብሓፈሻኡ ግን ደቂ ኣንስትዮ ኣዝዮን ስምዒታውያን ስለ ዝኾና፡ ብዘሰምዐን፡ ዘኽብረን፡ ጸቡቕ ብዘሕዝን፡ ፍሽኽታ ብዘይፍለዮን ትዕቢት ዘየርኢይን እየን ዝምሰጣ።

## ማርክ ትወይን



ማርክ ትወይን ሓደ ካብቶም ወሩያት ደረስቲ እዩ። ከም ሰብ ድማ ኣብ ብዙሕ መዳይ ህይወት ፍሉይነት ነይሩዎ። 30 ሕዳር 1835 ኣብ ፍሎሪዳ'ዩ ተወሊዱ። ህጻን ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፡ ብሰንኪ ብርቱዕ ሕማም ብህይወት ክኡብር ትጸቢት ኣይተገብረሉን።

ክሳብ ወዲ 7 ዓመት ዝኸውን ድማ ብሕማም ዝተዳኸመ ህጻን ኩይኑ እዩ ኣሕሊፍዎ። ማርክ ትወይን ወዲ 11 ዓመት ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፡ ኣቡኡ ኣብ መበል 49 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ሳንቡእ ዓሪፉ።

ማርክ ትወይን 1848፡ ማለት ድሕሪ ሞት ኣቡኡ ኣብ ዝነበረ ዓመት፡ ኣብ ሓንቲ ጋዜጣ እተሕትም ትካል ከም ተልመዴን ሓታሚ ኩይኑ ምሉእ ግዜኡ ክሰርሕ ጀመረ። ምስ ግዜ፡ ናብ ናይ ምጽሓፍ ስራሕ ተሰጋገሩ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ንሕትመት ዝኸውን ሓጻርቲ ጽሑፋት ጸሓፈ። ኣብ ዝቐጸለ ህይወቱ፡ ከም ሓታሚ ኩይኑ ይሰርሕ ነበረ። ድሕሪ ባይታ ትምህርቲ ማርክ ትወይን ደኒት'ዩ።

ምስቲ ዝጽሓፎ ጽሑፋት ርኢኻ ካልእ ዝግመቱ ደረስቲ፡ ዩኒቨርስቲ ዝበጻሕ ርእያም ዘይፈልጡ ብዙሓት እዮም። ማርክ ትወይን ከኣ ሓደ ካብኣቶም እዩ። ማርክ ትወይን ዩኒቨርስቲ ይትረፍ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ'ውን ኣይወድአን። ኣብ መወዳእታ ግን ከም ተማዛራይ ኣብ ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ እኳ እንተ ዘይተማህረ፡ ብዩኒቨርሲቲ ኦክስፎርድ ናይ ክብሪ ዶክትረይት ማዕርግ ተዋሂብዎ እዩ።

ከም 'ዘ ኣድቨንቸርስ ኦፍ ቶም ሶየር'፡ ኣብ 1876 ከምኡ'ውን ኣብ 1883፡ 'ላይፍ ኦን ዘ ሚሲሲፒ፡ ዝኣመሰለ ኣዝዮን ተዘክርቲ ልብወለዳት ጽሒፉ። ዳሕረዎት ጽሑፋት ማርክ ትወይን፡ ኣብ ሰሰዐን ጭካነን ደቂ-ሰብ ዝገልጹ ጽሑፋት እየን። ሰብኣውነት ኣብ ምልክት ሕቶ ከም ዝኣተወ ድማ ይገልጻ። ሓያሎ ካብ ጽሑፋት ማርክ ትወይን፡ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣይተሓትሙን። ንሳዕ ጋዜጠኛ፡ ማርክ ትወይን ዕድመኡ ኣብ ከባቢኡ ብፍሉይ እናተዓዘበ እዩ ኣሕሊፍዎ። ኣብ ጽሑፋቱ ድማ፡ ገጻት ፍቕራዊ ህይወት፡ እወታውን ኣሉታውን ጎድኒ ናይታ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ምልውዋጥ ተርኢ ዓለም ኣቕሪቡ እዩ። ጽሑፋቱ ብምንባብ፡ ዝተፈላለዩ ፍጻመታት ናይ'ቲ ዘመን ዝወጸም ዝነበረ ግብረ መልሰን ብቐሊሉ ክንርድኦ ንኽእል ኢና። ኣብ መበል ዓሰርተ ትሽዓተ ዘመን ዝነበረ ኣተሓሳስባ ኣመራጋውያን ብዕምቆት ክንርድኦ ኣየጸግመን። ማርክ ትወይን፡"ምግምጋት ጸቡቕ እዩ። ምፍላጥ ግን ይሓይሽ።" ብምባል እዩ ንፍልጠት ዝገልጾ።

ማርክ ትወይን ዕዉት ጸሓፊ ምስ ኮነ፡ ቡቲ ዝረኸቦ ኣታዊ፡ ወፍሪታት እኳ እንተካየደ ክዕወተሉ ኣይከኣለን። ሕማቕ ነጋዳይ'ዩ ነይሩ። ብሰንኪ ሕማቕ ወፍሪ ድማ ኣብ ዘይተደለየ ክሳራ ከም ዝኣተወ ይፍለጥ።

ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት ከኣ፡ ዕዳኡ ንምኽፋል ፖዚቡ ንምርካብ ብዙሕ ኮለል ከም ዝበለ እዩ ዝንገረሉ። ማርክ ትወይን ምስ'ቲ ኣብ ኻፍሲ ወከፍ ሰብዓን ሽድሽተን ዓመት እናተመላለሰ ዝቕልቀል፡ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዝርአ ተወንጫፊ ኮኾብ ወይ 'ኮመት ሃሊ' ኣብ ዝተራእየሉ ዓመትን ዕለትን 1835 እዩ ተወሊዱ። ንኻልኣይ ግዜ ኣብ 1910 ኮመት ሃሊ ኣብ ዝተራእየሉ እዋን ድማ ዓሪፉ። ማርክ ትወይን፡ ኮመት ሃሊ ንኻልኣይ ግዜ ቅድሚ ምቕልቃሉ ሓደ ዓመት ኣቐዲሙ ማለት ብ1909 ብዛዕባ ሞቱ ተነብዩ ነይሩ። "ምስ ኮመት ሃሊ እዩ ብ1835 ናብ'ዛ ዓለም ተቐልቂለ። ኮመት ሃሊ ንዓመታ 1910 ይመጽእ ኣሎ እሞ፡ ኣነ ድማ ምስኡ ካብዛ ዓለም ክሰናበት'የ ትጸቢተይ"፡ ብምባል'ዩ ተነብዩ። ትንቢቱ ድማ ሰሚሩሉ።

## ፍርያት ቱፋሕ



ቱፋሕ ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለምና ብዝበዝሐ ዝፈርዩ ተበሃጊ ዓይነታት ፍሩታ እዩ። መበቆሉ ኣብ ማእከላይ ኤስያ ከም ዝኾነ ካብኡ ናብ መላእ ዓለም ከም ዝተዘርግሐን እዩ ዝንገረሉ። ቻይና ኣብ ዓለም ብዝበዝሐ ቱፋሕ እተፍሪ ሃገር እያ። ቱርኪ፡ ኣመሪካ፡ ፖላንድ፡ ኢጣልያን ፈረንሳን ድማ ንዓኣ ስዒበን ዝበዝሐ ፍርያት ቱፋሕ የፍርያ።

ብጥዕናዊ ረብሓታቱ ዝፍለጥ ቱፋሕ ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ዓለም ይለምዕ እዩ። ቻይና ዓመታዊ ኣስታት 44 ሚልዮን ቶን ቱፋሕ ተፍሪ። እታ ሃገር ብዝበዝሐ ሰደድ ፍሩታ ቱፋሕ ኣብ ቅድሚት እያ ትስራዕ።

ቻይና ኣብ 2021 ኣስታት 46 ሚልዮን ቶን ቱፋሕ ኣፍርያ። ፍርያት ቱፋሕ ኣገዳሲ ኣካል ሃገራዊ እቶት ልምዓት ሕርሻ ኩይኑ ኣሎ። ኣብ መብዛሕትአን ቱፋሕ ዘፍርያ ዞባታት ቻይና ንዝርከቡ ሓረስቶት ድማ ቀንዲ ምንጪ እቶቶም እዩ።

ምህርቲ ቱፋሕ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ክፃየድ እንከሎ፡ ሕርሻ ቱፋሕ ብቐንዱ ኣብ ገለ ዞባታት፡ ከም ቦሃይ ቤይን ለዓስ ፕላቶን ዝተባህላ ዞባታት ብዝለዓለ መልክዑ ይፈሪ።

ዋላ'ኳ ንኣሽቱ ሓረስቶት ቱፋሕ የፍርዩ እንተኾኑ፡ 80% ሰፍሓት ናይዞም ክልተ ከባቢታት፡ 90% ካብ ፍርያት እታ ሃገር ይሽፍን። ንቻይና ተኸቲላ ቱርኪ ብደረጃ ዓለም ካልኣይቲ ዝዓበየት ኣፍራዪት ቱፋሕ እያ። ኣብ 2021 ቱርኪ ኣስታት 4.49 ሚልዮን ቶን ቱፋሕ ኣፍርያ። እዚ ድማ ኣብ ዕዳጋታት ወሽጢ ሃገርን ሰደድን ዓቢ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ።

ምልማዕ ቱፋሕ ኣብ መላእ ሃገር ብሰፊሑ ዝዝርጋሕ ኩይኑ፡ ዞባታት ማእከላይ 'ኣናቶልያ' ድማ ቀንዲ ቱፋሕ ዝፈርየሎም ቦታታት እዮም። ኣውራጃታት ኢስፓርታ፡ ካራማንን ብዝለዓለ ጽሬት ዘለዎ ኣታኽልቲ ቱፋሕ ዝርከበሉ ምዃኑ ይፍለጥ። ኢስፓርታ ድማ ዝዓበየ ክፋል ፍርያት እታ ሃገር ትሕዝ።

ምቹእ ኩነታት ኣየርን ዘመናዊ ሜላታት ሕርሻን ንቱርኪ ወሽጣዊ ጠለባታ ከተማልእን ኣብ ዓለምለኻዊ ዕዳጋ ክትዋሳእን ኣኽኢልዋ እዩ። ኣብ ቱርኪ ሕርሻ ቱፋሕ ኣገዳሲ ኣካል ቍጠባ እዩ።

ፍልስፍና ኣይዛክ ኒውተን ብቱፋሕ እያ ትዝከር። ባህሪ ፍልስፍና 'ናቹራሊስ ፕሪንሲፒያ ማቴማቲካ' (philosophia naturalis principia mathematica) - እዛ መጽሓፍ ብሰር ኣይዛክ ኒውተን ዝተደርሰት ኮይና ብዛዕባ ስሕበት መሬት ኣመልኪታ ዝተጻሕፈት'ያ። ኣብቲ እዋን ቱፋሕ ካብ ገረብ ወዲቓ ኢልካ ብዛዕባ ኣወዳድቓኣ ምምርማርን ምጽሓፍን ጥቕሚ ኣልቦ'ዩ ነይሩ። እዛ መጽሓፍ ንህዝቢ ኣብ ዝቐረበትሉ እዋን ክትንበብ ዘይግበኣ መጽሓፍ ዝበሉ ብዙሓት ተቓወምቲ ገጢሞማ'ዮም። ይኹን እምበር ኣይዛክ ኒውተን ብዛዕባ መጽሓፉ ስነፍልጠታዊ መረዳእታ ምስ ሃበ ፍሉይነታን ኣገዳስነታን ሰማይ ዓረገ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይየዋ ቀጥታ |
| 14:05 | ዶክመንታሪ |
| 15:50 | ሞዚይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ጸባቕ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዚይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመትሰት-ተም |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገሉብ ድሓን |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ዘሩባቤል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝሞም |

## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ካብ ውድቀት እምበር፡ ካብ ዓወት ኣይንመሃርን ኢና!" - **ብራም ስቶከር**
- "ህይወትካ ታሪኽካ እዩ። ጸቡቕ ገይርካ ጽሓፎ። ኣብ ኣርትዖት ድማ ግዜ ወሰድ።"- **ሱዛን ቢ. ኣንቶኒ**
- "ኩሉ ዓወታት ካብ ውሳነ ምፍታን እዩ ዝጅምር።" – **ጂም ሮን**
- "ግዜኻ ኣብ ሕርቃን፡ ጣዕሳ፡ ጭንቀትን ቂምን ኣይተጥፍኦ። እቲ ምንታይ ህይወት ኣዝዩ ሓጺር ስለ ዝኾነት።" - **ሮይ ቲ ቤነት**
- "ክውንነት ኣብ ኣእምሮ ደቂ-ሰብ እዩ ዘሎ። ኣብ ካልእ ብፍጹም የልቦን።"- **ጆርጅ ኦርወል**
- "ትጽቢት፡ ኣደ ኩሉ ብስጭት እያ"- **ኣንቶኒዮ ባንደራስ**
- "ሕጉስ ክትከውን እትኽእል ክልተ መገድታት ኣለዋ፡ ክውንነትካ ምምሕያሽን ትጽቢትካ ምጉዳልን።" - **ጆዲ ፒኮልት።**

ታሪኽ

# ጽውጽዋያት መለኮታዊ ስርወ-ንግስነት ዘይፈደየ ንድየት

ሱልጣን መሓመድሰዒድ
6ይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ጽሑፍና ዝጠቐስናዮ ሶማላዊ ኑረዲን ፋራሕ ኣብታ ብ1978 ዓ.ም 'ናብ ባሕሪ - በዩናይ መጉዳ' ብዝብል ኣርእስቲ ዝጸሓፉ ዓንቀጽ፡ ንኹሎም ዝሓለፉ መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ብምጥቃስ ወራሮም ንምጥዕዛም ናብ ኤውሮጳውያን ጹሓፍቲ ዝሰደድዎ ደብዳባ ከይተረፈ እዩ ብዕምቈት ተንቲኑዎ። ካብ ደጃዝማች ስብሃት ወልዱ ኣትሒዞም ዝበሩ ዓቀይቶት ኩናት፡ ገማግም ባሕሪ ይብሉ፣ ባሕርን ማያትን'ውን ይጠቕሱ፣ ዶብ ኢትዮጵያ ባሕሪ'ዩ እውን ይወስኹ። ኣየናይ ባሕሪ፡ ኣየናይ ገማግም ግና ኣይጠቕሱን። እቲ ዶብት ኣፍደገ ባሕርና ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ኣስላም ኣትዩ ዝብሃል ዘሎ ኣየናይ እዩ፧ እቶም ነታ ብወራር ዝተሃንጸት ሃገር ከበቦምዋ ዝርከቡ ረሲኣንከ እኒ መን እዮም፧ ሶማላውያን፧ ኤርትራውያን፧ እቲ ዘገርም እዚ ኣበሃህላ'ዚ፡ ድሕሪ ኣሽታት ሓደ ክፍለዘመንን ፈረቓን እውን ብልሳን ናይ ሎሚ ልሂቃንን መራሕቲን ኢትዮጵያ ይደጋገም ምህላዉ እዩ።

ኣብ 2024 ብመጉዲ ኢንስቲቲዩት ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ኣብሉ ዝተዳለወ 'ግዙፍ ንድፊ ስትራተጂ ክልተ ማያት' ዝተሰምየ ሰነድ፡ ኢትዮጵያ ተረባሒት ክልተ ማያት ማለት ቀይሕ ባሕርን ፈለግ ኣባይን ክትከውን ዝሕግዝ ተፈጥሮኣውን ኣከባብያውን ምኽንያታት ብዝርዝር ኣቐሚጡ ንረኽቦ፡፡ ብፍጥነት ዝዓቢ ዘሎ ቁጠባ ኢትዮጵያን ኣብ ቀረባ ዓመታት ናብ 150 ሚልዮን ክድይብ ትጽበት ዝዋበረሉ ብዝሒ ህዝባን ድማ ከም ቀንዲ ደረኽቲ ምኽንያታት ይጠቕሶም። ብተወሳኺ፡ እቲ ሰነድ፡ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ኣገዳሲ ጂኦግራፊያዊ ክልን ማያዊ መስመርን ዝርከብ ምዃኑ ብምግላጽ ኣብዚ ክሊ ማይ'ዚ፡ "ምቹእ ተኽእሎታት እናሃለዉ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ጉዳይ ድኽነትን ድሕረትን ኮይኑ ምጽናሑ ኣተሓሳስቢ ከምዘኾኑ ሕጂ'ውን ማሕበረ-ፖለቲካዊ ሕቶታቱ ግቡእ መልሲ ክረክብ እንተኾይኑ፡ ጸጋታት ሩባ ኣባይን ውሑስ ተጠቃምነት ገማግም ቀይሕ ባሕርን ኣብ ፍጹም ሃገራዊ ረብሓታት ዝውዕሉ ዕድላት ሃሰው ምባል ኣገዳሲ እዩ" ክብል ድማ ፍትሓዊ ዝበሎ ኣጠቓቕማ ክህሉ ይላቦ።

"ካብ መወዳእታ 18 ክፍለ ዘመን ጀሚርካ ክሳዕ 20 ክፍለ ዘመን ኣብ ኣጠቓቕማን ኣተረኻኽባን ኣህጉራዊ ሕግታት ማይ፡ ብዙሕ ለውጥታት ዝተገብረሉ እዋን እዩ። ኢትዮጵያ፡ ክንዮ ልምዳዊ ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ነዚ ስምምዕ'ዚ ከም ዘጽደቖቶ ዝሕብር መወከሲ የለን። ኢትዮጵያ ንሩባ ኣባይ ንሕርሻዊ ምህርቲ፡ ዝስተ ጽሩይ ማይን ምምንጫው ኤሌክትሪካዊ ጸዓትን ዓሊማ ዝኾነ ልምዓታዊ ንጥፈት ከተተግብር ምሉእ መሰል የብላን ዝብል ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ንባዕሉ ክኸለስ የድሊ፡" ይብል እዚ ዝተጠቕሰ ሰነድ። ኢትዮጵያ፡ ነዚ ስምምዕ'ዚ ክትሃጽግ ምሉእ ሓርነት ዝህባ ዝበሎ ብዙሕ ረቛሒታት ምህላዉ እውን ይገልጽ። እቲ ውዕል "መግዛእታውያን ሓይልታት፡ ብስም ግብጽን ሱዳንን ዝፈረምዎ ውዕላት፡ " ምዃኑ ጠቒሱ ድማ፡ "ዕላማ ኢትዮጵያ፡ ዝተፈረመ ስምምዕት ካብ መግዛእታዊ ሓድግታት ናጻ ምግባሩ እዩ።" ይብል።

ራብዓይ ምዕራፍ ናይዚ ስትራተጅያዊ ንድፊ'ዚ፡ "ኢትዮጵያ፡ ንቀይሕ ባሕሪ፡ ርሒቕቲ ሃገር ኣይኮነትን። ናይ ቀይሕ ባሕሪ ሃገር እያ፧" ብምባል'ዩ ዝፍልም። እዚ ንኹሉ ኣህጉራዊ ውዕላትን ውሳኔታትን ኣብ ግምት ዘየእቱ ዝኾነ ሕጋዊ ተቐባልነት ዘይብሉን ሰነድ፡ እታ 'ኢትዮጵያ' እትብሃል ሃገር፡ ብውሳነ ሓያላን ሃገራት ብሉዳት ከምዝተረረት ጥራይ ካብ ገምገም ባሕሪ ከም እትፍንተት ምግባሩ ድሕሪ ምጥቃሱ "ጠንቂ ኣብ ኢትዮጵያ ዘጋጥም ዘሎ ተደራራቢ ሽግራት፡ ካብ ቀይሕ ባሕሪ ስለዝረሓቐት እዩ" ብምባል ይድምድም።

እዚ ሕጂ ብሰነድ ተዓልዩ ዝመጸ ዘይብለየ ጽውጽዋያዊ ንድፊ'ዚ፡ ዝኾነ ሓድሽ ነገር የብሉን። እቲ ኣቐሚጥዎ ዝርከብ ምጉት ምስቲ ዘዩቋርጽ ሕልሚ ዝሓለፉ መሳፍንቲ ክነጻጸር ከሎ፡ ኑረዲን ፋራሕ ኣብ ዓንቀጹ ዘስፈሮ ሓቂ ምውካስ እኹል እዩ። ኑረዲን፡ "ንኣብነት ምኒልክ ንጉስ ሸዋ፡ ድሒሩ ሃጸይ ናይቲ ዝወረሮ ግዝኣታት ዝኾነ መስፍን፡ ኣብ ዓሪት ልዑል ረሰንን ቀጥዐን ተጋዲሙ እዩ ንደረት ሕልማዊ ግዝኣቱ ዘጽር ኣዋጅ ዝኣወጀ። ምኒልክ ይኹን ቅድሚኡ ዝነበረ ሃጸይ ዮሃንስ ራብዓይ፡ ነቲ ምስ ኤውሮጳውያን ሓይልታት ዝነበሮም ዝምድና፡ ብኣተሓሳስባኦም ከም ወጽኢት ልመናኦም ዝረኸብዎ ኣጸዋርራት ንናይ ገምገም ባሕሪ ምውናን ተኽእሎኦም ዘዕቢ ቀንዲ ጥረ ነገር ምዃኑ፡ ምውናን ገማግም ባሕሪ'ውን ብኣንጻሩ ነቲ ኣጸዋርራት ናብ ግዝኣታቶም ናይ ምጉራት ዝሰፍሐ ዕድል ዝፈጥር ምዃኑ ናይ ወትሩ ምጉቶም እዩ ዝበረ። እዞም ነገስታት፡ ንምጉቶም ደልዮም ኪይሰእንዎ ካብ ምፍራህ ዝተላዕሉ ኑቶም ኤውሮጳውያን ሓይልታት ንምስዓዕ ንኣኹም ኢና ንመሰል ንምባልን ወርትግ ኑቲ ኣብ ባይታ ዘይነበሩ መስቀል ክርስቶስ ኣብ ብራኽ ምጉቶም የቐምጡ ነበሩ" ብምባል ይትንትን።

ኑረዲን ቀጺሉ፡ "ናይ ትግራይ ልኡል ይኹን ንጉሱ፡ ናይ ሸዋ ንጉስ ይኹን ርእሱ'ቕብኡ ሃጸይ፡ ዋላ'ውን እቲ ዘመናዊ ሃይለስላሴ ... ነታ ብቑጻሊ እትደጋገም ሓረግ 'ገማግም ባሕሪ' እየም ዘድምጹ። ኩሎም ነገስታት፡ ነቲ ናይ ባሕሪ ሕልሞም ኣብ ሐዳ እቲ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ክሓጽቡ (ከግህዱ)፡ መሬቶም፡ በቲ ጥዕና ዝህብ ጨዋም ማይ ህንዳዊ ውቅያኖስ ክጽርዩ ብምህቃን፡ ዘለዎም ዘበለ ኩሉ ናይ ጸወታ ካርድታት ክጥቀሙ ርኢና ኢና፡" ብምባል ዝተጓዕዘዎ ርሕቀትን እቲ ኣብ ኩሎም ዝበረ ምምስሳልን ፋይዳ ዝተሳእኖ ሕልሞምን ይትንትን።

እቲ ኣብ 2024 ዝወጸ ሓድሽ ስትራተጂያዊ ሰነድ ቀጺሉ፡ ኢትዮጵያ፡ ብዙሒ ህዝቢ፡ ኣብ ቅልጡፍ ዕብየት ዝርከብ ቁጠባን ሓያል ወተሃደራዊ ዓቕምን እናወነነት፡ ቀጥታ ተጠቃሚት ዕድላት ገማግም ባሕሪ ካብ ምዃን ኣብ ምዕንቓጽ ናጽነት ኤርትራ ኣሉታዊ ተራ ከም ዝተጻወተ፡ ዶባዊ ምስሕሓብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንኹሉ ምዕባለታት ናብ ድሕሪት ከም ዝገተቶ፡ ኢትዮጵያ ንዓሰብ ርእያ ክትሰእና ከምዝገበረን ይገልጽ። ውሽጣዊ ዘይርግኣት ኢትዮጵያ ነቲ ጸገም ከም ዘጋደዶ ድሕሪ ምግላጽ ድማ፡ "ኣዱሊስ፡ ዓሰብ፡ ምጽዋዕ፡ ታጁራ፡ ዘይላን በርበራን ጉረሮ ኢትዮጵያ ዝበራ ወደባት እየን" ይብል።

እቲ ዘገርም ዝኢ ንድፊ ጽሑፍ'ዚ ዘዳለወ ልሂቃን እታ ሃገር ካብ ዘሰፈርዎ፡ "... ህዝቢ ኢትዮጵያ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ምስኣኑ፡ ጉዳይ ድኽነትን ድሕረትን ክኸውን ተገዲዱ ... ፡" ዝብል ምሉእ ሓሳብ ኣሎ። የግዳስ ነቲ ድሕሪ 2ይ ኩናት ዓለም፡ ብኣመራጋ ዝምራሕ ኪዳን ዓለማዊ ናይ ዕብለላን ጽልዋን ስትራተጂያዊ ረብሓታቱ ኣብ ዝሓረየሉ እዋን፡ ንኢትዮጵያ ሓንቲ ካብ ቀንዲ ዓምድታቱ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ብምርቋሕ፡ ቀይሕ ባሕርን ክንዮኡን ብውክልና ስርዓት ኢትዮጵያ ክቈጻጸር ስለዝመረጸ፡ "ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓታትና ኣይተገልግልን'ያ፡" ብዝብል ውሳኔ፡ መሰል ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ግሂሱ፡ ኤርትራ፡ ብዘይ ፍትሓዊ ውሳነ ፌደረሽንን መቑረንትን ዝተዓመጸትሉ 40 ምሉእ ዓመታት፡ ልሙዕ ሕርሻዊ ቦታታትን እኹል ማይን እትውንን፡ ማያ ክትሰቲ ዘይትኽእል 'ኢትዮጵያ' ብጥሜት ትጸዋዕ ምንባራ፡ ውቅያኖሳት ሰጊሩ ዝመጽአ እኽሊ ድማ ብወደብ ዓሰብ ትቕበል ምንባራን ጠቒሲሎም ክዘክሩ ዘይምኽኣሎም እዩ። ናይ እንዳምጉቶም ባሕሪ ከቋምቱ፡ ካብ ሰራሕ ከም ዝኾሩ፡ ኑቲ 1500 ኪሎሜትር ገማግም ባሕሪ ኤርትራን 1950 ኪሎሜትር ገማግም ናይ ልዕሊ 350 ደሴታቱን ብሓይሊ ተቘጻጺሮም ኣብ ዝበሩሉ ግዜ፡ ኢትዮጵያ ሃገረ ቀጠልያ ደርቂ ተባሂላ ክትሰመ ከምዝገበሩ ታሪኽ ባዕሉ ምስክር እዩ።

ነዚ ዛዕባ'ዚ ዝምልከት ናይ ሓደ እዋን ዛንታ ምልስ ኢልካ ምርኣዩ ኣገዳሲ'ዩ። ኣርተር ዱብሊው ሉዊስ ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኢትዮጵያ (1973-1977) ኮይኑ ዘገልገለ እዩ። ኣምባሳደር ሉዊስ ኣብ መስከረም 1989 ብቻርለስ ስቱዋርት ኬኔዲ፡ ቃለ-መሕትት ተገይሩሉ ነይሩ። ኣምባሳደር ሉዊስ፡ ኣብ መስከረም 1973 እዩ ናብ ኢትዮጵያ ኣትዩ። ኣብቲ ሽዑ እዋን ንዝነበረ ኩነታት ክገልጽ ከሎ፡ "ኣብ ክፍለ-ሃገር ወሎ ስሜን ኢትዮጵያ፡ ክሳዕ ህይወት ርብዒ ሚልዮን ዜጋታት ዝወሰደ ሓያል ደርቂ ኣጋጢሙ ነይሩ። እዚ፡ ከም ኣካል ናይቲ ኣብ ነፍስወከፍ 20-25 ዓመታት ዘጋጥም ተደጋጋሚ ክስተት ደርቂ እዩ። ኣምባሳደር ሉዊስ፡ ክብደት ናይቲ ኩነታት ክገልጽ ከሎ፡ ሓደ ተዛራባይ፡ 'ሳዕቤናት እቲ ደርቂ ልክዕ ከም መቑጸጸሪ ወሊድ ወይ መከላኸሊ ጥንሲ እዩ፣ ምኽንያቱ፡ ኣሽታት ርብዒ ሚልዮን ዜጋታት ክሞቱ'ኮ ... !' ዝበሎ እዩ።

እቲ ሃጸይ ግና ነዚ ብሰንኪ ደርቂ ዘጋጥም ግዙፍ ቍጽሪ ሞት ዜጋታት ኣፍልጦ ክህቦ ኣይደለየን። እቲ ዘገርም ሰግንጢርኑት ከኣ እቲ ሃጸይ ጓል ጓሉ ኣብ ዝተመርዓወትሉ፡ ደርቂ ኣብ ዘበረኸ ጥርዚ በጺሑ ኣብ ዝበረሉ ኣጋጣሚ፡ ንመርዓኣ በቲ እዋን'ቲ 3 ሽሕ ፓውንድ ስተርሊንግ ዝዋጋኡ ሕብስቲ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ኣምጺኦም ካብ ነፈርቲ እናወረድዎ ከለዉ ወዲቑስ ካልእ ሕብስቲ ተኣዚዙ። ሓደ እንግሊዛዊ ኣፍራዪ ፊልም ኣብቲ ኣጋጣሚ ተረኺቡ ብምንባሩ፡ ነቲ ፍጻመ ብኮምፒራ ቀሪጹዎ። ኣብ ከባቢ ወሎ እውን፡ ህጻናት ብደርቂ ዝሞቱሉ ዘሰቅቕ ትርኢታት ቀሪጹ ነበረ። ብተወሳኺ'ውን እቲ ሃጸይ ንኣኽላባቱ ኣብቲ ቤተ-መንግስቲ ንዝተዓቐቡ እንስሳ ዘጉዳምን ቀንጃሪጽ ስጋ ክድርበዩሎም ዝርኢ ስእልታት እውን ብኮምፒራኡ ሰኒዱ ነበረ።

እዚ ሓሊፉ ደርግ ናብ ስልጣን ምስ መጽአ እውን እታ ሃገር ብጥውይዋይ ሓዲድን ሓደገኛ ቀልቀሎትን ብፍጥነት እትገዓዝ ሃገር እያ ኮይና። በዚ መንጽር'ዚ፡ ኣገዳስነት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ዓይኒ እቲ ቀያሲ ፖሊሲ ወጻኢ ዝበረ ጸሓፊ ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ ሄንሪ ኪሲንጀር ነበረ። ከም ውጽኢቱ "ንሕና ዝምድናታት ንምዕቃብ ዝፍትን መምርሒ ወይ ዝምድናታት ክበላሾ ዘፈቕድ መምርሒ ኣይነብረናን፡ ዝምድናና ድማ መኣዝኑ ዘይፈልጥ ትም ኢሉ ጥራይ ዝንሳፈፍ ኮይኑ" ይብል ኪሲንጀር።

ይቕጽል . . .



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣሰታኒ ግርማይ ምባል ተረፉ፣ የሰኒና ግርማይ ገብረሂወት ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ጸገሮማን ሓጎስ በራኺ፡ ብዓል ቤተይ ተጋ/ኣልኣዝር ቶምጣላ ስለዝተሰወኑ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

የኤል ተሰፋማርያም ሃብተማርያም፡ ኣቦና ተሰፋማርያም ሃብተማርያም ስለዝተሰወኑ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ከሰስት ለድያ ተኽለሃይማኖት መብራህቱ፡ ተኸሰሲ ብርሃነ ሃብተማርያም ክብርኣብ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ስለሞዊት ማስፍን ሓረጎት ምባል ተረፉ፣ ስለሞዊት ጥላሁን ማስፍን ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መድህን ተኽለ ወ/ዳዊት፡ ብዓል ቤተይ ጨዓይ ኒጋሽ ሃይለ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓሉ ደማ ወራሲት ምኻና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ህያቡ ኣብርሃም (ሞግዚት ኣቶ ኣብርሃ ምሕጹንን) ምስ ሓፍተይ ዋዜማ ኣብርሃም፡ ኣደይ ቅድስቲ መብራህቱ ገብረሚካኤል ስለዝዋረረት፡ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዳንኤል የሴፍ ብርሃን የዲት ተሰፋዝጊ እስቲፋኖስ፡ ወድና ኖቤል ዳንኤል ስለዝተሰወኑ፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለ ዘይብሉ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኤፍሬም ርእሶም፡ ስም ኣደይ ዕቑባይ ወልደገርግሽ ሃብተማርያም ምባል ተረፉ፣ ዕቑባ ወልደገርግሽ ሃብተማርያም ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሶስ ጸጋይ ሰለሙን ምባል ተረፉ፣ ራሕማ ጸጋይ ሰለሙን ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጸገ ኣፈወርቂ ፍስሓጼን፡ ብዓል ቤተይ ሓጎስ ማረቆስ ገብረገርግሽ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዓዲኒ ለገሰ ተሰማ፡ ወደይ ናትናኤል ግርማይ ተስፋጋብር ስለዝተሰወኑ፡ ኣነ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሐርያ ዋሁብ ኣደም ምባል ተረፉ፣ ሐርያ ዓብደልዋሁብ ኣደም ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣሕመድ ሳልሕ ማሕሙድ፡ ስም ኣደይ ሰዑዳ ሳልሕ ምባል ተረፉ፣ ጀምዓ ዓሊ ኣደም ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መንተሰር ሰዒድዑመር ምባል ተረፉ፣ ሙንተሰር ዓብዱ ዑመር ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ናትናኤል ማሰረት ተስፋሚካኤል፡ ብመንገዲ ወለዱ ኣቶ ካሞል ዓብደልቃድር ሓሰበን ወ/ሮ ማሰረት ተስፋሚካኤል ተወልደመድህን ኣብሉ ስመይ ናትናኤል ማሰረት ተስፋሚካኤል ምባል ተረፉ፣ ናትናኤል ካሞል ዓብደልቃድር ሓሰብ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መርሃዊ በረኸት ብርሃ ምባል ተረፉ፣ መርሃዊ እምነቱ ሃይሉ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ኖህ ፍስሃ፡ ብመንገዲ ወለዱ ኣቶ ፍስሃ ሰዩምን ወ/ሮ መኣዛ ኢሳቕ ጸጋዝኣብን ኣብሉ ስመይ ኖህ ፍስሃ ምባል ተረፉ፣ ኢሰርም ፍስሃ ሰዩም ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ንያት ብርሃ ዘኬዎስ፡ ኣደይ የርሳሌም ኣስመሮም ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዘወልዲ ኢሳቕ ተሰፋጼን፡ ኣቦና ኢሳቕ ተሰፋጼን ኣመናን ኣዴና ኢትየጵያ ኣሰፍሃ ገይልን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ድባርዋ

ወ/ሮ እዝግሃርያ ዓንደ ገብረእግዚኣብሄር፡ ብዓል ቤተይ በረኸት ሃብተገርግሽ ገብረስላሴ ስለዝተሰወኑ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሌ/ኮ/ ብርሃ የውሃንስ ብርሃ፡ ጓለይ ሚካል ብርሃ የውሃንስ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ብርኽቲ ብርሃ ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ተኽለ በየነ ተሰፋማርያም፡ ብዓል ቤተይ ኣስመላሽ የውሃንስ ብርሃ ስለዝዋረረ፡ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ኣሕዋቱ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ፍጹም መብራህቱ ገብረመሰ፡ ኣደይ ወ/ሮ ገርግስ በርሀ ኪዳ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 10 ደቃን 4 ደቂ ደቃን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣቶ የሴፍ ገብረገርግስ ገብረወልድ፡ ተጸዋዒት ወይኒ ጆዋኒ ወልደማርያም ናይ ወቕልና ምስራዝ ክርክር ስለዘለኪ'ሞ ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ሰናይት ተኽሉ፡ብዓል ቤተይ ኣብርሃም ሃብተሚካኤል ተኪኤ ስለዝተሰወኑ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳዕድያ ዑመር ዓሊ፡ብዓል ቤተይ እስማዒል እድሪስ ኢብራሂም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡
ኣሲያስ ሳይሞን መኻሸ ምባል ተረፉ፣ ኣሲያስ ስምኦን መኻሸ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ክፍለየሱስ ፍስሃጽ ገብረዝጊ፡ ስም ኣደይ ኣብርሀት ቀለታ ምባል ተረፉ፣ ኣብርሀት ሰቛር ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ንግስቲ ሰለሙን ፡ ብዓል ቤተይ ወልደገብርኤል ማሾሽ ስለዝተሰወኑ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ለተብርሃን ሓጎስ ገብረየሱስ፡ ብስም ነ/ሄር ሳዕድያ ዓሊ መሓመድ ዝፍለጥ ግዝ ዘለዎ ኮይኑ፡ ሕጂ ደማ ሸያጢት ናብ ስመይ ከየመሓላለፈት ስለዝዋረረት፡ እቲ ብስማ ዘሎ ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ዛህራ ሓሰን መሓመድ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ጸጋ ጸጋይ ካብ 2010 ደጃ ስለዘይብለይ፡ ምጥፍኡ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

መሓመድ ሮሞዳን ናስር ሳልሕ ምባል ተረፉ፣ሮሞዳን ናስር ሳልሕ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰሚራ ዑመር ሰዒድ፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ደቀይ1. ሃላ መሓመድ ኣደም፡ 2.መርየም መሓመድ ምባል ተረፉ፣ ሃላ መሓመድ ኣደም ዒፉ፣ 2.መርየም መሓመድ ዒፉ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ወልደጊዮርጊስ፡ ሓትነይ ነ/ሄራት ዘውዲ እንድርያስ ተኪኤ ብለበዋ ዝበደፈትለይ ግዝ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ክብሮም ሽሻይ ግደ፡ ኣቦይ ቀሺ ሽሻይ ግደ ገርጃን ኣደይ ሰንበቱ ወልዳይ ለባሲን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣስቴር ኤፍሬም ተኽለ ምባል ተረፉ፣ ኮኾብ ኤፍሬም ተኽለ ተባሂሉ ይትኣረመለይ፡ ከምኡ'ውን ማብቆል ዓደይ ዓረዛ ምባል ተረፉ፣ ሓጺና ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዓወት ሃይለ ጉብሩ፡ ካብ ተጸዋዒት ወ/ሮ ኣለም ገብረኣብ ኣስገዶም፡ መኪና ቶዮታ ሃይሌክስ ስርሓት ጃፓን ዲኣፕ ዝኾነት ER1-C-8758 ናይ ቀደም ER-1-12867 ሞዴል 1984 ቁጽሲ YN 50-0008082 ቁሞተረ 22 R-2153300 ዝኾነት ብ10/5/2022 ዓ.ም ብውዕል መሸጣ ኣረኪብትኒ፣ እንተኾነ ናብ ስመይ ከየሰጋገረትለይ ኣድራሻ ስለዝሰኣንኩዋ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ትጸዋዓለይ ስለዝበለ፣ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ራሕማ መሓመድ ኢብራሂም፡ ስም ኣደይ ፋጥና ሸሪያ መሓመድ ምባል ተረፉ፣ ፋጥና መሓመድ ሸፉ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

መርሃዊት ማሓመድ ዑስማን ምባል ተረፉ፣ መርሃዊት ማሕሙድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ዘርኢጋብር መንግስትኣብ ገብረማርያም ምባል ተረፉ፣ዘርኢጋብር መንግስ ገብረማርያም ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ብስራት

### ካብ ማሕበር ሓረስቶት ኣፍረይቲ ንህቢ ዞባ ማእከል

መዓር ከም መግብን መድሃኒትን ዘገልግልን ብዘቖለለ መንገዲ ክንረኽቦ ንኽእል ንጥዕናና ኣዝዩ ኣገዳሲ መግቢ'ዩ፡፡

መዓር ንግሲ፡ መዓር ንበርዚ፡ መዓር ንመግቢ፡ መዓር ንመድሃኒት፡ መዓር ንመመላኽዒ፡ ኮታስ ውሕስነቱ ዝተረጋገጸ መዓርን ንኹሉ ኣብ ኩሉ ብዘይምቁራጽ ይሃሉ፡፡

ይኹን እምበር ኣብ ዕዳጋታት ንረኽቦ መዓር ውሕስነቱ ዝተረጋገጸ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ካብዚ ብምብጋስ ማሕበር ሓረስቶት ኣፍረይቲ ንህቢ ዞባ ማእከል ውሕስነቱ ዝተረጋገጸ ዝተፈላለየ ዓይነታት መዓር፣ ናይ ከቡ ናይ መታሕት፣ ኮታስ ወጽኢት ናይ ዝተፈላለየ ዕንባባታት መሮር ናይ ሃገርና ዝኾነ ውሑስን ጽሩይን መዓር ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩልኩም ኣሎ፡፡

ንኣከፋፍላ ዝምልከት፣ እንተደለኹም ብቐጥታ ክትከፍሉ ትኽእሉ፡፡ ንሰራሕተኛታት ትካላት መንግስትን ንናይ ውልቂ ትካላትን ደማ ዝደለኹሞ ብዝሓ መዓር ብውሕስነት ትካልኩም ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ዝኽፈልን ቀጻልነት ዘለዎን ውሕሉል ናይ ኣከፋፍላ ዋጋ ገይርናልኩም ከምዘለና ብሓጎስ ነበስር፡፡

መዓስ እዚ ጥራይ! ዝደለኹምዎ ዓይነት ሕብሪ መዓር ብዝደለኹምዎ ዓቐን፣ እንተደሊኹም ርብዒ ኪሎ፡ እንተደሊኹም ፍርቂ ኪሎ፡ እንተደሊኹም ኪሎን ልዕሊኡን፡ ኮታስ ካብ ትካልና ዝመረጽኩምዎ መዓር ብዘይ ስክፍታ ክትወስዱ ትኽእሉ፡፡

ዕላማና መላእ ሕብረተሰብ ኣገልግሎት ውሕስነቱ ዘረጋገጸ መዓር ክረክብ ስለ ዝኾነ ትሕዝቶና ጽሩይን ምሉእን'ዩ

ኣድራሻና ኣብ ኣስመራ ከባቢ ማርካቶ ፊት ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ጥቓ እንዳ ምውፋር መጉዓዝያ ሓራት፡ ኣብ ጎዳይፍ ፊት ሸዋበር ሆቴል ጥቓ እንዳ ነዳዲ፡ ኣብ ከተማ ከረን ደማ ኣብ መንገዲ ኣፍዓበት ጥቃ ማስገዲ ኣሱሓብ'ዩ፡፡

ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብ ኣስመራ ብቑጽሪ ተሌፎን 110503 /07136237 /07183997 ኣብ ከተማ ከረን ደማ ብቑጽሪ ተሌፎን 07295322 ደዊልኩም ወይ'ውን ብኣካል ብምምጻእ እኹል ሓበሬታ ክትረኽቡን ውሕስነቱ ዝተረጋገጸ መዓር ክትጠልቡን ትኽእሉ፡፡

ምጽኡና ከነገልግለኩም ድሉዋት ኢና
ማሕበር ኣፍረይቲ ንህቢ ዞባ ማእከል

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ትራምፕ፥ ኣብ ስነ-ስርዓት ምርኽኻብ ስልጣን ኣመሪካ ንፕረዚደንት ሺ ዓዲምዎ

ምሩጽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ዝመጽእ ወርሒ ኣብ ዝካየድ ወግዓዊ ስነስርዓት ምርኽኻብ ስልጣን ሃገሩ ንኽሳተፍ ንፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ ጂን ፒንግ ዕድመ ከም ዘቕረበሉ፡ 'ሲ.ቢ.ኤስ ኒውስ' ንዝተፈላለዩ ምንጭታት ብምጥቃስ ሓቢሩ።

እቲ ዕድመ፡ ድሕሪ ሓደት መዓልታት ናይ'ቲ ብ5 ሕዳር ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ኮይኑ፡ ዛጊት ብመንግስቲ ቻይና ተቐባልነት ረኺቡ ድዩ ኣይረኸበን ንጹር ከምዘይኮነ ሲ.ቢ.ኤስ ጸብጺቡ።

ትራምፕ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ኤን.ቢ.ሲ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት፡ ምስ ፕረዚደንት ሺ ጽቡቕ ርክብ ፈጢሩ ከምዘሎ ምሕባሩ ኣይረሳዕን።

ይኹን'ምበር፡ ዝኾነ መራሒ ቀንዲ ጂኦፖለቲካዊት መወዳድርቲ ኣመሪካ ዝኾነት ቻይና፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ስነ-ስርዓት ክሳተፍ ተራእዩ ከምዘይፈልጥ ጸብጻባት የመልክቱ።

ብዘይካዚ፡ ትራምፕ ናይ ምረጻኡ ንሕገስ ኣብ ዘካየደሉ ዝበረ እዋን ኣብ ልዕሊ እታው ንብረት ቻይና ተወሳኺ ልዕሊ 60 ሚእታዊት ቀረጽ ከመሓላልፍ ምዃኑ ሓቢሩ ነይሩ።

ቻይና ብወገና፡ ትራምፕ ኑቲ ተወሳኺ ቀረጽ ከተግብር ምዃኑ ዝኣተዎ መብጽዓ ኣተን ክልተ ብቐጥታ ዝበልጸጋ ሃገራት ናብ ሓድሕዳዊ ኣዕናዊ ኩናት ቀረጽ ክሽመን ከምዝኽእል ኣጠንቂቓ ነይራ።



## "ዩክሬን፡ ተኹሲ ደው ከተብል ንዝቐረበላ ሕቶ ነጺጋቶ" ቀ/ሚ ሃንጋሪ

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ በዓል ልደት ምኽንያት ብምግባር ተኹሲ ደው ክብልን ምስ ሩሲያ ደማ ምልውዋጥ እሱራት ክካየድን ንዝቐረበሉ ሕቶ ከምዝነጸጎ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ሃንጋሪ ቪክቶር ኦርባን ገሊጹ።



"ንሰላም ሓደሽ ጻዕርታት ኣካይድና ኢና። ብምኽንያት በዓል ልደት ተኹሲ ደው ክብልን ሰፊሕ ምልውዋጥ እሱራት ክካየድን ሓሳብ ኣቕሪብና። ዘለንስኪ ግና እዚ ብንጹር ምንጻጉን ምውጋዱን ዘሕዝን እዩ" ክብል ኦርባን ብማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣብ ዘርገሖ መግለጺ ሓቢሩ።

ኦርባን፡ ዘለንስኪ ንዝቐረበሉ ሕቶ ከምዝነጸጎ ዝገልጽ ጽሑፍ ዘርጊሑ፡ ዘለንስኪ ኣቐዲሙ ኣብ መንጎ ኦርባንን ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲንን ዝተኻየደ ናይ ቴሌፎን ዝርርብ ድሕሪ ምንቃፉ እዩ።

ዘለንስኪ ብወገኑ፡ "ኦርባን ብዲፕሎማሲያዊ ጻዕርታት ውልቃዊ ምስሉ ንምዕባይ ይደሊ ኣሎ" ክብል ወቒሱ።

ኣማኻሪ ፕረዚደንት ዘለንስኪ ዝኾነ ዲሚትሪ ሊትቪን ብወገኑ፡ "ዩክሬን ሃንጋሪ ዝኾነ ነገር ክትገብር ፍቓድ ኣይሃበትን፡ ከም ወትሩ ዩክሬን እሱራት ንምፍታሕ መዓልታዊ ትሰርሕ ኣላ፡ ኣብ መወዳእታ እዚ ዓመት ድማ ምልውዋጥ እሱራት ብዝምልከት ንኽልተ ሰሙን ዝኸደ ኣገዳሲ ርክብት ይቐጽል ኣሎ" ክብል ንማዕከናት ዜና ዩክሬን ገሊጹ።

## ፖሊስ ደ/ኮርያ፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት መርመራታት ኣካይዱ

ፖሊስ ደቡብ ኮርያ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ዩን ሱክ-ዮል ዘካይዶ ዘሎ ኣዋጅ ወተሃደራዊ ሕጊ ዝጠንቁ መርመራታት፡ ዝሓለፈ ረቡዕ'ውን ኣብ ቤት-ጽሕፈት'ቲ ፕረዚደንት ተወሳኺ መርመራ ከምዝተኻየደ ተሓቢሩ።

ኣቐዲሙ ሚኒስተር ምክልኻል ነበር ከም የንግዚዩን ሓለፍቲ ትካላት ፖሊስን ኣብ'ቲ ንሓጺር እዋን ዝጸንሐ ኣዋጅ ፕረዚደንት ዩን ተሳቲፎ ኣለዉም ብዝብል ክሲ ኣብ ቀይዲ ምእታዎም ዝዝከር እዩ።

እዚ ኣዋጅ'ዚ፡ ንራብዓይ ዝዓበየ ቁጠባ ኤስያ እትውንን ደቡብ ኮርያ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተታት ዓመታት ዝዓበየ ፖለቲካዊ ቅልውላው ሸሚምዋ ከምዘርከበ እዩ ዝሕበር።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ማእሰርቲ ዘሎ ሚኒስተር ምክልኻል ደቡብ ኮርያ ከም የንግዚዩ፡ ፈተነ ነብሰ-ቕትለት ከምዝፈጸመ፡ ሰበስልጣን'ታ ሃገር ገሊጾም።

እቶም ሰበስልጣን፡ ከም፡ ኣብ መዓስከሪ ማእከል ኑብሱ ክቐትል ኣብ ዝፍትነሉ ዝበረ እዋን ከምዝተረኸበ ኣረዲኦም።

ከምኡ'ውን ካልኦት ላዕለዎት ሰበስልጣንን ፕረዚደንት ዩል ድሕሪ ዘመሓላለፎ ኣዋጅ ወተሃደራዊ ሕጊ ብፍቓዶም ስልጣኖም ምሕዳጎም ይፍለጥ።

ከም፡ካብ'ቶም ኣብ ደቡብ ኮርያ ሰፊሕ ቁጥዐ ዘስዓበ ትእዛዝ ወተሃደራዊ ሕጊ ብዝበርም ተሳቲፎ፡ መርመራታት ካብ ዝካየደሎም ዘሎ ላዕለዎት ሰበስልጣን ሓደ እዩ።

እዚ ዳሕረዋይ ምዕባለታት፡ ቀንዲ ተቓዋሚ ዲሞክራሲያዊ ሰልፊ፡ ንጽሉ ብሰንኪ'ቲ ንሓጺር እዋን ዝጸኑ ኣዋጅ ወተሃደራዊ ሕጊ ካብ ስልጣኑ ንምእላይ ካልኣይ ፈተነ ክገብር ኣብ ዝዳለወሉ ዘሎ እዋን እዩ።

እቲ ተቓዋሚ ሰልፊ፡ ንጽን ካብ ስልጣኑ ንምእላይ ዝገበሮ ናይ መጀመርታ ፈተኑ፡ ሰለስተ ኣባላት ሰልፊ 'ፒፕል ፓወር' ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ'ቲ 300 ኣባላት ዝሓቖፈ ሃገራዊ ባይቶ ኑቲ ድምጺ ብምእጋዶም፡ እቲ እማመ ንኽጸድቕ ዘድሊ ዝበረ ድምጺ ናይ ክልተ ሰሶ ክመልእ ብዘይምኽኣሉ ከምዝፈሸለ ይፍለጥ።




## ላዕለዋይ ብዓል-ስልጣን ምምሕዳር ጣሊባን ተቐቲሉ

ሚኒስተር ስደተኛታት ምምሕዳር ጣሊባን ካሊል ሓቓኒ፡ ኣብ ርእሰ ከተማ ካቡል - ኣፍጋኒስታን ኣብ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪኡ ብዝተፈጸመ ነብሰ-ቕትለታዊ መጥቃዕቲ ከምእተቐትለ ተሓቢሩ።

ምንቅስቓስ ጣሊባን ኣብ 2021 ናብ ስልጣን ካብ ዝምለስ ንደሓር፡ ኣብ ላዕለዋይ ብዓልስልጣን'ቲ ምንቅስቓስ መጥቃዕቲ ክፍጸም እዚ ናይ ፈለማ እዩ።

ብዘይካዚ፡ በቲ መጥቃዕቲ ልዕሊ ሽዱሽተ ሰባት ከምእተቐትሉ፡ ምንጭታት ሚኒስትሪ ወሽጣዊ ጉዳያት'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ካሊል ሓቓኒ፡ ላዕለዋይ ኣባል ናይ'ቲ ኣብ ጣሊባን ዝርከብ 'ሓቓኒ' ዝተባህለ ብመንግስቲ ኣመሪካ ከም ግብረ-ሽበራዊ ጉጅለ ዝፍለጥ ሃይማኖታዊ መርበብ እዩ።

ኑቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ዝወሰደሉ ዕጡቕ ጉጅለ ዳዕሽ ድሒሩ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ሓደ ኣባል ዳዕሽ ኣብ ኣፍ-ደገ እቲ ቤት-ጽሕፈት ክጸበ ድሕሪ ምጽናሕ፡ እቲ ሚኒስተር ኣብ ዝወጻሉ ዝበረ ሰዓታት ሒዝዎ ዝበረ ኑታጉ ከምዘፈንጀሮ ኣብሪሁ።



መርበብ ሓቓኒ፡ ኣብ 1980ታት ኣብ ኣፍጋኒስታን ምስ ሰራዊት ሕብረት ሶቭየት ብዝዋጋእ ዝበረ ፍሉጥ መራሒ ደባይ ኩናት ሓው ካሊል ሃቓኒ ዝኾነ ጃላሉዲን ዝተመስረተ እዩ።

ጣሊባን፡ ኣብ 2021 ንኣፍጋኒስታን ምሉእ ብምሉእ ድሕሪ ምቁጽጻሩ ሓፈሻዊ ጸጥታዊ ኩነታት'ታ ሃገር እኳ እንተተመሓየሸ፡ ኣብ'ታ ሃገር ሓያሎ ነብሰ-ቕትለታዊ መጥቃዕቲታትን መጥቃዕቲ ቦምባታትን ይቕጽል ከምዘሎ ይግለጽ።

## ዚምባብወ፡ መደበር ጠፈር ንምህናጽ ትሰርሕ

ዚምባብወ፡ ብሓገዝ መንግስቲ ሩሲያ መደበር ጠፈር ክትሃንጽ፡ ኣብ ዝቕጽል ዓሰርተ ዓመታት ድማ ንፈለማ እዋን ጠፈርተኛ ናብ ዙርያ ምድሪ ክትልእኽ መደብ ከምዘለዋ፡ ዳይረክተር ሃገራዊ ትካል ጠፈራዊ ምርምር'ታ ሃገር ፓይናስ ግዌመ ኣፍሊጡ።

ንሱ ምስ ኣገልግሎት ዜና 'ታስ' ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት፡ ሃገሩ ምስ ሃገራዊ ኮርፖረሽን ህዋ ሩሲያ 'ሮስኮስሞስ' ብዝዕበ'ቶም ተወጢኖም ዘለዉ ፕሮጀክትታትን፡ ዚምባብወ ምስ ስርዓተ ስልጠና ጠፈርተኛታት ሩሲያ ምትእስሳር ክትፈጥር ዘኽእላ መንገድታትን ኣመልኪታ ዝርርብ ከምዝጀመረት ገሊጹ።

"ብሓገዝ ሩሲያውያን መሳርሕትና ኣብ ዝቕጽሉ 10 ዓመታት ናይ ገዛእ ርእስና ሮኬት ናብ ጠፈር ክንልእኽ ኢና ዝብል ትጽቢት ኣሎና" ክብል ድማ ኑቲ ኣገልግሎት ዜና ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፡ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ 'ሮስኮስሞስ' ብምትሕብባር ፕሮግራማት ሳተላይት ንምምዕባል ክጽዕራ ምጅማሐን ይፍለጥ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ማስከረም፡ ማሊ፡ ኒጀርን ቡርኪናፋሶን ዝሓቖፈ ኪዳን ሃገራት ሳሕል፡ ሃገራዊ ዶብት ንምክትታልን ንጥፈታት ጸጥታ ንምድልዳልን ዝኽእል ናይ ጠፈር ምስሊ ንምእካብ ምስ ሩሲያ ሓባራዊ ፕሮጀክት ምኽታመን ይፍለጥ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቅሳነት | 13/12/24 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻውል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services